# ሓዳስ ኤርትራ

ሰሉስ

መበል 24 ዓመት ቁ. 142 | 20 ጥሪ 2015 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3
ትንፋስ ኣሕሊፍካ ናበይ. . .!



ገጽ 4
ክብር ሰብ ክብር ሓሳብ የፈልፍል፣ ኣብ ክብር ሃገር ድማ ይጸንዕ



ገጽ 8
ሽልማት ኦስካር



ገጽ 10
ዘይርጉእ ጠባያት



ገጽ 11
ሆንሪ ብመስመር ምክልኻል ኣርሰናል ተሻቒሉ




# በዓል ጥምቀት ኣብ መላእ ሃገር ብኽቡብ ዝበለ ድምቀት ተኸቢሩ

በዓል ጥምቀት፡ ብ19 ጥሪ ኣብ መላእ ሃገር ብኽቡብ ዝበለ ድምቀት ተኸቢሩ።

ኣብ ከተማ ኣስመራ ኣብ ዝተኻየደ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ መእመናን ኣብ ዝተሳተፍዎ ስነ-ስርዓት፡ ብድሮ ታቦታት ካብ ኩለን ኣብያተ-ክርስትያን ብመእመናን ተሰንዮም ኣብ ባሕረ-ጥምቀት ክሓድሩ እንከለው፡ ብመዘምራን በዓል ተራ ደብሪን ብሕብረት ውሉደ-ክህነትን ዝተወከሉ ሰቦኻ ድሕሪ ምኽያድ፡ ብመራሕነት ዋና ጸሓፊ ቅዱስ ሲኖዶስን ጳጳስ ዞባ ማእከልን ብጹእ ኣቡነ ጴጥሮስ ቅዳሴ፡ ቡራኬን ኣስተምህሮን ተዋሂቡ።

ብድሕሪ'ዚ፡ ጸሎተ-ማህሌት ክበጽሕ ምስ ሓደረ፡ ትማሊ ንግሆ ብመራሕነት ብጹዕ ኣቡነ ጴጥሮስን ሊቃውንትን ኣብ ዙርያ ባሕረ-ጥምቀት ቅዳሴን ጸሎተ ወንጌልን ዓሪጉ።

ኣቡነ ጸንብል፡ መምህር ኤልያስ ሃብታይ ንታሪኻዊ ኣመጻጽኣ በዓል ጥምቀት ዝምልከት ስብከት ኣሰሚዖም።


ሰ/ፍያሚት መስፍን

ብመራሕነት ብጹዕ ኣቡነ ጴጥሮስ፡ ብጹኣን ጳጳሳትን ሊቃውንትን ባሕረ-ጥምቀት ተባሪኹ ናብ ህዝቢ ምስ ተነጸገ ድማ፡ ካህናት ኑቲ በዓል ዝምልከት ዜማ እናሰምዑ ኣስረጊጾም።

ኣብ መውዓእታ፡ ቡራኬ ምስ ተዋህበ፡ ታቦታት ብምእመናን ተሰንዮም ናብ ደብሮም ተመሊሶም።

ኣብቲ ስነ-ስርዓት፡ ኣካያዲ ስራሕ ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን ካልኦት ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ዕዱማት ኣጋይሽን ተሳቲፎም ነይሮም።

# ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ኣታዊታቱ ንምምዕባይን ወጻኢታቱ ንምንካይን ኣበርቲዑ ክሰርሕ ምዃኑ ገሊጹ

ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ኣታዊታት ልምዓት ዞባ ብምዕባይ ኣድማዒ መደባት ንምትግባር ዝለዓለ ኣቓልቦ ሂቡ ክሰርሕ ምዃኑ፡ ብ13ን 14ን ጥሪ ኣብ ከተማ ባረንቱ ኣብ ዘቃነዮ ገምጋም ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ኣቶ ፍስሃየ ሃይለ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ 2014 ዝተሰላሰለ መደባት ኣብዚ ዓመት'ዚ ናህሩ ሓዪሉ ንኽስጎም ኣድማዒ ናይ ልምዓት መደባት ብጽፈት ንምትግባርን ኣታዊታት ክዕበን ትሕጃ ክህሉን ግድነት ስለዝኾነው፡ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ኣታዊታተን ንምዕባይ ዓቲበን ክሰርሓ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ብርክት ዝበሉ ዝተጀመሩ ግን ዘይተጻፈፉ ፕሮጀክትታት ምጽንሖም ዝሓበረ ኣቶ ፍስሃየ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ንምጽፋፎም ዝተበጽሰ ስራሕ ክቐጽል ምዃኑን ሓደስቲ ናይ ትምህርቲ ፕሮጀክትታት ክጅምሩ ምኻኖምን ብምሕባሩ፡ ዝትግበሩ ናይ ትሕተ-ቅርጺ ፕሮጀክትታት ብዝተኻእለ መጠን ቡቲ ዝተወጠነሎም ናይ ግዜ ገደብ ንኽዛዘሙ ምእንቲ፡ ዞባ ዘድሊ ጻዕሪ ክገብር ምዃኑ ኣስሚሩሉ።

ኣብቲ ገምጋም፡ ብኹለን ክፍልታት፡ ንኡሳን ዞባታት፡ ጨናፍር ሚኒስትሪታትን ማሕበራትን ናይ ዝተዓመ ስራሓት ጸብጻባት ቀሪቡ።

ብመሰረት'ቲ ጸብጻባት፡ ፋይናንሳዊ ኣሰራርሓ ንምምሕያሽን ሱዳት ንምጽፋፍን ዝምስገን ስራሓት ከምዝተሰላሰለ፡ ኣብ ንኡስ ዞባታት ተሰነይ፡ ጎልጅ፡ ሃይኮታን ፎርቶ-ሳዋን ናይ መጥፋእቲ ሓዊ ስልጠና ከምዝተኻየደ፡ ንኣተሓሕዛ መኻዝንን ኣተዓቓቕባ ንብረትን ዝተጀመረ ስራሕ ብጸቡቕ ይቕጽል ከምዝሎ ክበርህ እንከሎ፡ ኣብዚ ዓመት'ዚ ብዝሓየለ መልክዕ ክስራሓሉ ምዃኑ ተገሊጹ።

ንሕርሻዊ ንጥፈታት ብዝምልከት ድማ፡ ምስ ዝበረ ሰናይ ክራማት ተኣሳሲሩ፡ ብፍላይ ሓረስቶት ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ኣቓዲሞም ዘካየድዎ ስራሓትን ምቕርሐ ትራክተራትን ዝሓሸ ብምንባሩ፡ ብጠቕላላ ካብ ዝተሓርሰ ኣስታት 225 ሽሕ ሄክታር፡ ርቡሕ ምህርቲ ተረኺቡ ከምዝሎ፡ ክኢላታት ሕርሻ ብዘካየድዎ መጽናዕቲ ክፍለጥ ከምዝተኻእለ፡ ኣብ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን'ውን ዝሓሸ እቶት ከምዝተረኽበ ተሓቢሩ።

ንክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት ዝምልከት ጸብጻብ ድማ፡ 33 ፕሮጀክትታት ህንጻ ተዛዚሙ ክረኻኸብ እንከሎ፡ መብዝሕትኡ ፕሮጀክትታት ትካላት-ትምህርቲ ኣብ ደረጃ ምዝዛም በጺሖ'ኳ እንተሎ፡ ብሰንኪ ገሉ-ገለ ሕጽረት ክሳብ ሕጂ ክዛዘም ከምዘይተኻእለ ኣብሪሁ።

ኣብ ስራሓት ቀየሳ ብዝምልከት ከኣ፡ ኣብ ፋንኮ 491 ብሎኮት ንመንበሪ ዝኸውን መሬት ተሸንሺኑ 4338 ቃጽያታት ንምዕዳል ድልው ኮይኑ ምህላው፡ ኣብ ከተማ ተሰነይ ድማ ኣብ ዞን 4ን 5ን 18 ኪሎ-ሜተር፡ ኣብ 3ይ ዞን ድማ 13 ኪሎሜተር መስመራት ኤለክትሪክ ዓንድታት ዝትከሉ ቦታታት ከምዝተመልከተ ተገሊጹ።

ንኡሳን ዞባታት፡ ህዝቢ ብምውዳብ ኣብ ማሕበራዊ ስራሓት፡ ወፈያታትን ካልእ ልምዓታዊ መደባትን ንዘካየድኦ ንጥፈታት ኣመልኪቱ ጸብጻብ ዘቕረበ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ ዑመር መሓመድ፡ ህዝቢ ኣብ ኣገልግሎት መጓዓዝያ፡ ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ፡ ምምሕዳራዊ ጉዳያትን ካልኦት መዳያትን ዝለዎ ጸገማትን ጥርዓናትን ብምዝርዛር፡ ምምሕዳር ዞባ ብብቕዓትን ብቕዳምነታቱ ንምፍትሖ ክሰርሕ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ኣብ'ቲ ገምጋማዊ ኣኼባ፡ ንንጥፈታት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ንግዲ፡ ሰንዓን ማዕድንን፡ ባህልን ቅርስን፡ ስታቲስቲክስን ስርዓት-ሓበሬታን፡ ኢሚግሬሽንን ዜግነትን፡ ማሕበራትን ዜናዊ ስራሓትን ዝምልከት ጸብጻባት ክቐርብ እንከሎ፡ ተሳተፍቲ ብሓሳባትን ርእይቶታትን ኣሀብቲሞምዎ።

እሰ – ዓንቀጽ

# ሓጺር ተጻጽሎ ዝፈንጠሰ ጽንዓት

ዓመት 2014፡ ኤርትራ፡ ኣብ ቅኑዕን ሕጋዊን መስመር ጸኒዓ፡ ኣብ ዲፕሎማሲያዊ ተጻጽሎ ንምሕጻራ ዝተኣልመ ማእሊያ ዘይብሉ ሽርሒታት ፈንጢሳ፡ ብሃናጺ ዲፕሎማሲያዊ ጽምዶ ዝምድናታታ ንምስፋሕ ብንጥፈት ዝተንቀሳቐሰትሉን ብዙሕ ዘሰጉመትሉን ዓመት'ዩ ነይሩ። ኣብ 2015 ድማ፡ ነዚ ዕማም'ዚ ዝያዳ ንምጥንኻር ብስፍሓት ክሰርሓሉ እዩ።

ከምዝፍለጥ፡ ኤርትራ ኣብ ዲፕሎማሲያዊ ተጻጽሎ ከምእትሕጸር ንምግባራ ክካየድ ዝጸንሐ እልቢ ዘይብሉ ዘመተታት ክወቕዖ ዝሓለነ ዕላማ ኣብ ሰለስተ ከፊልካ ዝርአ እዩ። ሓደ፡ ኑቲ ብቐኑዕ መርገጺኣ፡ ንግጉይ ፖሊሲታት ምምሕዳር ኣመሪካ ኣብ ዞባና ዝበድሀ መንግስቲ ኤርትራ፡ ብምህዞኣዊ ክሲታትን ጠቐነን ምስሉ ደዊንካ ምስይጣን፣ ካልኣይ፡ ኑቲ ኣብ ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተፈጸመ ርግጸት ሕጊን ዓመጽን ብምኽዋል፡ ኤርትራ ፍትሒ ይረጋገጽ ኢላ ከይትምጉት ምእንቲ፡ ካልእ መህወተቲ ጉዳይ ፈጢርካ፡ ኣፋ ምዕባስ፣ ሳልሳይ ድማ፡ ኑቲ ቁጠባዊ ጽግዕተኛነት ወጊዱ ኢሉ፡ ብዕዮን ጻዕርን ልዕሊ ተመጽወትቲ ቅያታት ልምዓት እናመዝገበ፡ ሰላሙን ቅሳነቱን ኣውሒሱ ኣብ ትሰፉው መድረኽ ዝተቐልቀለ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብጸቡቕ ኣብነት ንኻልኦት ኣርኣያ ከይከውን፡ ዕብየቱ ምኹላፍ እዩ ነይሩ።

የግዳስ ህዝቢ ኤርትራ ከምቲ ነደይቲ ዝሓለምዎ፡ በዚ ሽርሒታት'ዚ ዕብየቱ ዝኹለፍ ኮይኑ ኣይተረኽበን። ንኹሉ ዝገጠሞ ተጻብኦታት ዓጸፋ ስራሑ ብምምካት፡ ቅልጡፍ ዕብየትን ሱር በተኽ ለውጢን ኣብ ዘመዝግበሉ ጽፍሒ ደይቡ ይርከብ። ዝተኑበረሉ ሓጺር ተጻጽሎ ፈንጢሱ እውን ብደረጃ ዞባ ይኹን ብደረጃ ዓለም ዲፕሎማሲያዊ ርክባቱን ሃናጺ ጽምዶኡን ኣብ ምስፋሕ ይርከብ።

ብዘይካ ሽርሒን ተጻብኦን ከይተረበሸ፡ ኣብ ቅኑዕ ሓዲድ ረጊጽካ ምምራሽ ህዝቢ ኤርትራ ዝተሞኩረሉን ዝመለኾን ህይወት እዩ። ቀሊል መዋጽኦ ንምርካብ ምምሽኻንን ምንብርካኽን ናይ ምግዱራት ምርጫ ኮይኑ፡ መዓልቦኡ ዝኸፍኣ ዓዘቕቲ ምኳኑ ኣጸቢቑ ይፈልጥ እዩ። ብርግጽ ከኣ፡ ብርቂን ዘሐብንን ታሪኽ ኤርትራውያን፡ ቀሊል መዋጽኦ እናመረጽካ ኣይተሃንጸን። ሎሚ'ውን ምርጫ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ሓቂ ረጊጽካ፡ ፍትሒን ሰላምን ምርግጋጽ፡ ኣብ ዝምድናታት ወጻኢ ድማ ቅርዕውን ምዕሩይን ሽርክነት ምፍጣር እዩ። ናይ ትብዓትን ዓወትን ምርጫ ድማ እዩ። ርእሳ ዘይተድንን ሕብንቲ ሃገር ምውናን ዝከኣል በዚ መገዲ'ዚ ጥራይ ስለዝኾነ!

ህላወ ጥዑይ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድናን ሽርክነትን ከምኡ'ውን ርጉእ ጎደቦ ዘቤታዊ ዕላማታት ኣብ ምስግጋር ዘለዎ ግደ ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። ስለዚ ድማ፡ ግዳማውያን ሓይልታትን ዞባውያን ከደምቶምን ክፈጥርዎ ዝህቅኑ ሕንከር ኩነታት ንምፍሻል፡ ናብቲ ዓቢይን ቅዱስን ዕላማ እናቋመተና፡ ንጎደቦና ቀዳምነት ብምሃብ፡ ካብ ዞባ ግጭትን ተጻብኦን ናብ ዞባ ሰላምን ልምዓትን ምትሕግጋዝን ንምቕያር፡ ምስ ህዙባታትን መንግስታትን ዞባናን ዓለምን ብሃናጺ ጽምዶ ምውሳእ ሓደ ካብ ዓበይቲ መደባት ናይ 2015 ኮይኑ ተሰሪዑ ኣሎ። እዚ ድማ፡ ንፍሉያት ኣምባሳደራት ዝግደፍ ዕማም ዘይኮነ፡ ናይ ኩሉ ወዲ-ሃገር ዜግነታዊ ሓላፍነት እዩ። ከምቲ ተጻብኦቲ እውን ዕረ እናጥዓሞም ዝተኣመንሉ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ኣምባሳደር ሃገሩ ስለዝኾነ!

---


## መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

<u>ኣሰናዳኢ</u>

ሳምሶን ሃይለ
ቊ.ስ 116266/201820(2220)

<u>ም/ኣሰናዳኢ</u>

ብንያም ፍስሃጽዮን
ቊ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

<u>ምዝርጋሕ ጋዜጣ</u>

ቊ.ስ. 200454-07121322

<u>ምልክታ</u>

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

<u>ለይ-ኣውት</u>

ኤደን ሃብተኣብ
ኑብያት ጸጋይ

ሳምራዊት መለስ
ምስጋና ተዓገስ


# ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ንቐሓት ህጻናት ንምሕያል ዝዓለመ ውድድር ዝተዓወቱ ተሸሊሞም




ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ክካየድ ኣብ ዝቐነየ፡ ብመንገዲ ቋንቋ እንግሊዝን ስነ-ጥበብን ኣቢልካ ንቐሓትን ኣተሓሳስባን ህጻናት ንምሕያል ዝዓለመ ውድድር ዝተዓወቱ ህጻናት ተሸሊሞም።

ኣብ ኣዳራሽ 'ሃገር ሚድያ' ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣዳላዊ ዓምዲ "ኮንሸየስ ኪድስ ሰርክል" ኣቶ ተኽለሃይማኖት የማነ ኣብ ዘሰመዖ ቃል፡ እቲ ውድድር ኣብ ሰለስተ መደባት ተኸፋፊሉ ዝቐረበ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ተዓወትቲ ብናይ ሰለስቲኡ ውድድራት ድምር ነቲ ሽልማት ከምዝበቕዑ ኣብሪሁ።

በዚ መሰረት፡ ቀዳመይቲ ኮይና ዝተዓወተት ተመሃሪት ዕድል ሓይልኣብ -'ላፕቶፕ'፡ ካልኣይ ተመሃራይ ዘመን ምስጉን -'ታብለት'፡ ሳልሰይቲ ድማ ሚካል መስፍን - ተንቀሳቓሲት ተሌፎን ካብ ኢድ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት ወጻኢን ካልኦት ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ዜናን ተሸሊሞም።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ኣሰናዳኢ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣቶ ሳምሶን ሃይለ፡ ሓደ ካብቶም ንጋዜጣ ተነባብነት ከምዝህልዎ ዝገብሩ ኣገባባት፡ ተሳታፍነትን ተገባብሮን ኣንበብቲ ምጉልባት ምዃኑ ጠቒሱ፡ እዛ ኣብ 2014 ዝተኣታተወት ዓምዲ "ኮንሸየስ ኪድስ ሰርክል" ድማ፡ ካብ ፈለማ ኣትሒዛ ንኣንበብቲ ከተሳትፍ ምጽናሓ ብምሕባር፡ እቲ ውድድር ድማ ኣካል ናቱ ምዃኑ ገሊጹ።

***

---

# ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ተሳታፍነት ዜጋታት ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ንምዕባይ ዝዓለመ ጎስጓሳት ኣካይዱ

ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ንምዕባይን ናይ ትምህርቲ ዕድል ዝሓለፎም ዜጋታት ከምዝርከቡ ንምግባርን ዝዓለመ ጎስጓሳት፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ - ንኡሳን ዞባታት ከርከበት፡ ሰልዓ፡ ኣስማጥን ሃበሮን ከምዝካየደ፡ ህዝባዊ ርክባት'ቲ ሚኒስትሪ ንኤሪና ሓቢሩ።

ኣብቲ ንኣመሓደርቲ፡ ርእሰ-መምህራንን መምህራንን ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ዓበይቲ ዓድን መራሕቲ ሃይማኖትን ዝተገብረ ጎስጓስ፡ ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ሓጎስ ኣድሓና፡ ዝርግሐ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ዓመታዊ ዝተራእየ ለውጥን ዕብየትን ብሓፈሻ ድማ መስርሕ ትምህርቲ ኣብ'ቲ ዞባ ኣመልኪቱ መብርሂ ከቕርብ እንከሎ፡ እቲ መስርሕ ንኽዕወት ስሉሳዊ ዝምድና ወለዲ፡ መምህራንን ተመሃሮን ክዓቢ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ክፍሊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ሓላፊ ጨንፈር ሱፐርቪዥን ብቕዓት ኣቶ ኣብርሃም ተኽለ ድማ፡ ንዝርኣ ትሑት ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ብሓፈሻ ኣብ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ድማ ብፍላይ ብመንጽር ተመኩሮ ሃገራት ዞባና ሰፊሕ ኣስተምህሮ ሂቡ።

ኣብ ክፍሊ ትምህርቲ ንዓበይቲን ሚድያን ሓላፊ ጨንፈር ሱፐርቪዥን ብቕዓት ኣቶ ወልዱ በርሀ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዕድላት ናይ ትምህርቲ ዝሓለፎም ዜጋታት፡ ኣብ መደባት ትምህርቲ ንዓበይቲ ዝሳተፉሉ፡ ብኡ ኣቢሎም ድማ ስሩዕ መደባት ትምህርቲ ዝከታተሉሉ መገዲ ኣመልኪቱ መብርሂ ሂቡን ምስ ተሳተፍቲ ሓሳብ ንሓሳብ ተለዋዊጡን።

ኣብ'ቲ ርክባት፡ ተመሃሮ ገለ ከባቢታት ብምኽንያት ራሕቂ ትምህርቶም ክቕጽሉ ስለዘሸገሩ፡ ምህናጽ ኣሕደርቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ክድፋኣሉ፡ ጉዳይ መንብሮ መምህራን ኣቓልቦ ክግበረሉ፡ ድሑር ኣተሓሳስባን ልምድታትን ከምኡ'ውን መርዓ ትሕቲ ዕድመ ኣብ ትምህርታዊ ሂወት ደቂኣንስትዮ ማሕለኻ ይፈጥር ብምህላው ንቕሓት ኣብ ምብራኽ ዘተኩረ ጻዕርታት ክሕይል፡ ዕድላት ትምህርቲ ዝሓለፎም ዜጋታት ንበይኖም ናይ ትምህርቲ ዕድላት ክፍጠረሎም ዝብሉን ካልኦትን ርእይቶታትን ዝተለበዋታትን ቀሪቦም።

# ህዝብን ፖሊስን

# ትንፋስ ኣሕሊፍካ ናበይ. . . !

**መጀር ንርኣዮ ተኽለ ኣንጐር**

"ከብትና ምስ ወፈራ ተሰሪቖን፡ ጠሉ በጊዕ ጠፊኤናና" ዝብል ጥርዓናት ካብ በበይኖም ሰባት፣ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታን ግዜን ብተደጋጋምን ንስርቂ እንስሳ ዝምልከት ጥርዓናት ኣብ መደብራት ፖሊስ ከረን፣ ሓጋዝ፣ ኣቑርደትን መንሱራን ቀሪቦም፡፡ ኣመልከትቲ ጥራይቶም ከም ዝተሰርቃ'ምበር መን ከም ዝሰረቖን ኣይፈልጡን፣ ዝጥርጥርዎም ሰብ'ውን ኣየቕረቡን፡፡ ሓበሬታ ዘይብሉ ጉዳይ ንፖሊስ ክሳብ ክንደይ ኣድካሚ ምዃኑ ብዝገድስ ፖሊስ ንፈጸምቲ ገበን ተኸታቲሉ ፈልዩ ብምውጻእ ኣብ ሕጊ ከም ዝቐርቡን ብዘጠቓለሉ ሕጊ ከም ዝቐጽዑን ምግባር ብቑዓማይ ደረጃ ዝሰርሖ ዕማሙ'ዩ፡፡ ስለ ዘሎ ዝም ዓደምኖም ቀታሊኦም ዘይተፈልጠ ሞይቶም ጸኒሖም፡፡

ፖሊስ ካብቶም ኣብኡ ዝጸንሑ ደቂ-ዓድን መቕርብን ንኣማውትኦም ዝምልከት ሓበሬታ ክረኽቡ እኳ እንተተሓተቱ ርእዩ፣ ሰሚዖን እፈልጥ'የን ዝብል ሓበሬታ ኣይተረኽበን፡፡ መዋቲ ዓዲ ዝምስከረሎም ሕያዋይን ተሓጋጋዝን ብምዃኖም ምስ ጸልኢ ወይ ቁጽሲ ዝተኣሳሰር ፍጻሜ ክኸውን ከም ዘይክእል ተገመተ፡፡

ፖሊስ፣ ምስቲ ኣቐዲሞ ኣብ በበይኑ መደብራት ፖሊስ ዞባ ጋሽ-ባርካን ዓንሰባን ዝቐርብ ዝነበረ ንስርቂ እንስሳ ዝምልከት ጥርዓናት ምትእስሳር ክህልዎ ይኽእልዶ ዝብል ሕቶ ኣልዒሉ መጽናዕትን ምክትታልን እኳ እንተካየዱ መዋቲ ካብ ዘይናቶም ዝዘምቱን ከባቢ ዝህውኹን ሰባት ንምሓዝ ሰፊሕ ወፍሪ ኣበገሰ፡፡

እቲ ናይ ምክትታል ወፍሪ ብመሰረት ካብ ህዝቢ ዝቐረቡ ጥርዓናት ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ከባቢ መንሱራን ኣቑርደትን ኣብ ዞባ ዓንሰባ ከባቢ ከረንን ሓጋዝን ዝሸፈነ ነበረ፡፡ ፖሊስ ካብቶም ተሰሪቖና ዝበሉ ሰባትን ዝተሰርቁሉ ቦታን ብምንቅስቓስ ዘድሊ ሓበሬታ ንምእካብ ርሑቕ ከባቢታት ከይተረፈ ብእግርን ብመኪናን እናተንቀሳቐሰ ካብ ህዝቢ ሓበሬታ ክእከብ ጀመረ፡፡ ይኹን'ምበር ካብ ንጥርጣሬ ሓሊፉ ኣብ ዝተጨበጠ ነጥቢ ክበጽሕ ኣይከኣለን፡፡

ዝቐደሙ ጥርዓናት ስርቂ እንስሳ ከይተመለሱ፣ ብዕለት 6 ጥቅምቲ 2013 ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ንኡስ ዞባ መንሱራ ጉርጉሕ ኣብ ዝተባህለ ፍሉይ ቦታ "ሽማግለ ኣቦ ሞይቶም" ዝብል ሓበሬታ ናብ መደበር ፖሊስ መንሱራ ቀረበ፡፡ ፖሊስ ብመሰረት ካብ ህዝቢ ዝበጽሖ ምልክታ ኣብ ቦታ ፍጻሜ ሞት ተቐላጢፉ በጽሐ፡፡ ህዝቢ እቲ ከባቢ ንሬሳ መዋቲ ኣኽቢቦሞ ፖሊስ ይጸበዩ ነበሩ፡፡ መዋቲ ወዲ 70 ዓመት ኣቦ ኮይኖም ወልደማርያም በርህ ይበሃሉ፡፡ ኣብ ርእሶም ብእምኒ ብኸቢድ ተሃሪሞም ጠንቂ ሞቶም'ውን በቲ ዝወረዶም ማህረምቲ ምዃኑ ክበጽሕ ተኻኢሉ፡፡ መዋቲ ንምህ ምስ ጥራይቶም ምስ ወፈሩ ኣብ በረኻ ጥራቱ ዝነደላ ስለ ዘይነበራ ምትእስሳሩ ዘፅግብ ኮይኑ ኣይተረኽበን፡፡ እቲ ፍጻሜ መእተውን መውጽእን ዘይብሉ ንሞያ ፖሊስ ዝፈታተን ነበረ፡፡ ይኹን'ምበር ፖሊስ ዞባ ጋሽ ባርካን ዓንሰባን ከይተሓለሉ ሰፊሕ ከባቢ ዝሸፈነ ንኽተማታትን ገጠራትን ኣብ ግምት ዘእተወ ምክትታል ኣካየዱ፡፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ልዕሊ 5 ሰባት ብዝተፈላለየ ምኽንያት ክሲ ዝበርዎምን ካልኦት ጥርጡራትን ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣእትዩ ምጽራይ ኣካየደ፡፡

ፖሊስ ካብቲ ብዝለዕለ ብሞያ ዝሰርሓሉን ዝጥንቀቐሉን ንጹህ ብዘይ ወጻሎ ከይብደል ገበኛ ድማ ኣይናኣገሩን ተመሳሲሉን ከየምልጥ'ዩ፡፡ ስለ ዘሎ ኣብ ልዕሊ ጥርጡራት ዘድሊ ምጽራያት እኳ እንተተኻየደን ገለ ካብኦም ምስ ስርቂ ዝተኣሳሰር ዘሕትቶም ጉዳይ እኳ እንተነበረን ምስ ቅትለት ናይ'ዞም ኣቦ ርክብ ኣለዎ ወይ ኣለዎም ዝብል መርትዖ ስለ ዘይተረኽቦም ጉዳዮም ብዓንቀጽ 42/1/ሀ ተዓጽዩ፣ ማለት ዝተጠርጠርሉ ጉዳይ መርትዖ ስለ ዘይተረኽቦ ካብ ትሕቲ ቀይዲ ወጺኦም፣ ክሲ'ውን ክምስረቶም ኣይከኣለን፡፡

ድሮ እኳ እዚ ቅትለት ካብ ዘጋጥም 8 ኣዋርሕ እንተሓለፈ ምክትታል ፖሊስ ግን ኣየቋረጸን፡፡ ፈጻሚ ገበን ካብቲ ገበን ዝፈጸመሉ ርሑቕ ኣብ ካልእ ዞባታትን ከባቢታትን ቦታ ክቕይር ስለ ዝኽእል ብዝሰባ እቲ ፍጻመ ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ሃገር ተደላዪ ንምርካብ ምክትታል ከም ዝቕጽል ተገብረ፡፡ ስርቂ እንስሳ'ውን ንግዚኡ ኣቋሪጹ እኳ እንተ ጸንሐ ድሕሪ ናይ ዝተወሰነ ኣዋርሕ ዕረፍትስ 'ተሰሪቖና' ዝብል ክሲ ኣብ ፖሊስ ዳግማይ ክቐርብ ጀሚሩ፡፡

ድሕሪ ናይ ትሸዓተ ኣዋርሕ ዕረፍቲ ዘይብሉ ምክትታል፣ ሓደ ካብቶም ኣቐዲሞም ብቕትለት ተጠርጢሮም ዝተታሕዙ'ሞ መርትዖ ስለ ዘይተረኽቦም ዝተለቁ ሰባት፣ ካብ ፍልፍል ሰለሙና 8 ኣጣል ሰሪቑ ኣብ ዕዳጋ-ጥራት ጊንዳዕ እናሸጠ ብምክትታል ፖሊስ መደበር ጊንዳዕ ተታሕዘ፡፡

ካብ ከባቢ መንሱራን ሓጋዝን ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ-ባሕሪ ቦታ ምቕያሩ ደቂቕ መጽናዕትን ምጽራይን ተኻየደሉ፡፡ ፖሊስ፣ ብዝዕባኡ ዝኣከቦ ሓበሬታን መርትዖን ክሰግሮን ክምልሶን ስለ ዘይከኣለ እንስሳ ሰሪቑ ጥራይ ዘይኮነ ኑቶም ብዕለት 6 ጥቅምቲ 2013 ኣብ በረኻ ሞይቶም ዝተረኽቡ ኣቦ'ውን ቀታሊኦም ንሱ ምዃኑ ተረጋገጸ፡፡ ንትሸዓተ ኣዋርሕ ዝወሰደ ቀታሊ ንምርካብ ዝተኻየደ ምርብራብ ከኣ መዕለቢ ተረኸቦ፡፡

ንወዲ 70 ዓመት ኣቦ ዝቐተለ ሱበ'ምባኣር በረኸት ወልዳይ ይብሃሎ ዕድሚኡ 54 ዓመት ኮይኑ መበቆል ዓዱ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ በሪኽ - ጸዓዘጋ'ዩ፡፡ ክሱስ በረኸት ወልዳይ ንመዋቲ ብኸመይ ከም ዝቐተሎም ክገልጽ ከሎ፦

"ካብ ነዊሕ ዓመታት ጀሚረ ኣብ ስርቂ እንስሳ ተዋፊረ ጸኒሐ፡፡ ዝበዝሐ ዝሰርቀሉ ከባቢ ድማ ኣብ በረኻታት መንሱራን ሓጋዝን'ዩ፡፡ ከም ልማደይ ኣብ በረኻታት መንሱራ ዝሰረቓ ጥራት ደልየ ኣብቲ ከባቢ ተንቀሳቐሰ፡፡ መዋቲ ምስ ጥራይቶም ኣብ ከባቢ ጉርጉሕ ዝተባህለ ቦታ ጸኒሖምኒ፡፡ ኣቐዲመ እፈልጦም ስለ ዝነበርኩ ከዕልል ኣምሲና፡፡ ኣብ ዕላልና ግዝዙብ ኣብ ጅባኦም ከም ዘለዎም'ውን ተገንዘብኩ፡፡ ሓሳበይ ለዊጠ ኣብ ክንዲ እንስሳ ዝሰርቕ ገንዘብ ምስ መዋቲ ዝነበረ ግዝዙብ ክሰርቖን ይቀሰዲ ኣለ ወዲኤ፡፡ ክዕልል ኣምሲና ደኺምና ምስ ደቀስና፣ ሰዓት 2፡00 ለይቲ ኣብሉ ኣብ ከቢድ ድቃስ ከም ዘለዉ ምስ ኣረጋገጽኩ ቀስ ኢለ ተንሲአ ዓቢ እምኒ ኣልዒለ ኣብ ጉንዲ እዝኖም ሃሪመዮም - ኣየምለሱን፣ ከም ዝሞቱ ምስ ኣረጋገጽኩ ኣብ ጅባኦም ዝጸንሐ 11 ሽሕ ናቕፋ ወሰደ ኣብቲ በረኻታት ተሓብኣ፡፡"

"ድሕሪ ገለ መዓልታት ፖሊስ ምስ ካልኦት ሓዊሶም ብጥርጣሬ ሐዚዎምኒ፡፡ ብዝዕባ ኣማውታ ናይ'ዞም ኣቦ ተሓቲተ ዝሃቦ ዝፈልጦ ነገር ከም ዘይብለይ መለሰ፡፡ ድሕሪ ናይ መዓልታት ምጽራይን ምቕያድን ካብ ቀይዲ ፖሊስ ወጺአ፡፡ ካብ ቀይዲ ፖሊስ ምውጻኣይ ተሓጕሰ፣ ጨርሸ ናጻ ኮይነ ኢለ ስለ ዘይቀሰንኩ ካብ ምክትታል ፖሊስ ክስወር ኣርሒቐ ቦታ ክቕይር ወሰንኩ፡፡ ነቲ ጸቡቕ ጌረ ዝፈልጦ ከባቢ ጉዳፈ ድማ ንዞባ ሰሜናዊ-ባሕሪ ተጓዒዘ፡፡ ብመጠኑ ካብ ምክትታል ፖሊስ ብምርሓቐይ ሩፍታ እኳ እንተተሰምዓኒ ድሕሪ ትሸዓተ ኣዋርሕ ኣብ ጊንዳዕ ተታሒዘ፡፡" ክብል ቃሉ'እምነቱ ሂቡ፡፡

ክሱስ በረኸት ወልዳይ፣ ብዘይካ እዚ ልዕል ኢሉ ዝተገልጸ ክሲ፣ ኣቐዲሙ'ውን

- ኣብ 1982 ብስርቂ እንስሳ ተኸሲሱ
- ኣብ 1992 ብስርቂ እንስሳ ተኸሲሱ ን8 ኣዋርሕ ተኣሲሩ፡፡
- ኣብ 1993 ብስርቂ እንስሳ ተኸሲሱ ን4 ዓመት ተፈሪዱ፡፡
- ኣብ 1994 ብስርቂ እንስሳ ን5 ዓመት ተፈሪዱ፡፡
- ኣብ 2006 ብስርቂ እንስሳ ን5 ዓመት ተፈሪዱ
- ኣብ 2014 ክልተ ግዜ ብስርቂ እንስሳ ተኸሲሱ፡፡

ክሱስ በረኸት ወልዳይ እዚ ኩሉ ዝሰርቖን ዝዘምቶን ግዝዙብ ኣብ ማስተን ዕቡዳን'ዩ ዘጥፍኦ ነይሩ፡፡ ስለዚ ተሰቲሩ ዝተርፍ ገበን የለን እንተ'ሎ ከኣ ንግዚኡ'ዩ፡፡





## ክዕቀብ ዘለዎ ክቡር ባህሊ

**ተስፋት ገሚካኤል**

ሕ/ሰብ ኤርትራ ካብ ቀደም ኣትሒዙ ኣብ ገበንን ገበኛታትን ዘለዎ መርገጺ ንጹርን ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ሰልጡንን ንቑሕን ሕ/ሰብ ምዃኑ ማስከረሊዩ ዘየድልዮ ሓቒ'ዩ፡፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ስራሕን ጻዕርን ዘለዎ ክብርን ምንብርርን ኣዝዩ ልዑል'ዩ፡፡ ዘይረሃጸኻሉን ዘይደኸምካሉን ክትብልዕን ክትውንንን ምድላይ እዚ ሕ/ሰብ'ዚ ዝጸየኖ ከም ዝፀበየ ሰንፍና'ዩ ዝረኣ፡፡ ብፍላይ ድማ ስርቂን ሓሶትን እቲ ዝመረረን ዝኸፍኣን ኩሄ ዘውርድ ፍንፉን ልምዲ'ዩ፡፡ ኣብ ዘይግርተ ኣትዩ ዝዘመተ፣ ዘይናቱ ንብረት ዘልዓለ ብሓሶት ሰድራቤታት ዘናቖተ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይፈላለ ይኸውን'ምበር ናይ ግዜኡ ርእሱ ክብድ ዝበለ መቕጻዕቲ'ዩ ዝብየሉ ዝነበረ፡፡

ገለ ካብቲ ዝወሃብ ዝነበረ መቕጻዕትታት፦ ተገሊሉ ካብ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ምግላትን ካብቶም ዝወቱራት ኑቲ ዝበደሎ ድማ ክእረም ዝቕስቡ ዝነበሩ መቕጻዕቲታት'የም፡፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ተገሊሉ ማለት ኣብቲ ዝበደሎ ሰብ እቲ ዝኸበደ ስነ-ኣእምሮኣዊ ሃስያ ከስዕብ ዝኽእልን ከምቲ ዓይኑ ጌጋ ንኸይደግም ክጥንቀቕ ዝኽእልን ኣብ እዋኑ እቲ ዝበለጸ ንሰቡ ካብ ገበን ዝዕቅብን መቕጻዕቲ'ዩ ዝነበረ፡፡

ኣብ ኣፍሪቃውን ከባቢ ናይ ዓለም ከም ባህሉን ልምዱን ንዝበደለ ዝፈርሙሉ ናይ ገዛእ ርእሶም ሜላታትን መቕጻዕቲታትን ከም ዝነበሮም ታሪኽ ይምህረና፡፡ ብፍላይ ድማ ኣብ መበል 19ን 20ን ክ/ዘመን ኣብቲ ሽዑ ግዜ ዝነበሩ ለዋምትን ከኣላታትን ወዲ ሰብ ክምረሓሉን ክቕየደሉን ዝኽእል ሕግታት ኣብ ምንዳፍ ዘይምሳኽ ኣበርክቶ ነይርዎም'ዩ፡፡ ካብቲ ግዜ'ቲ ጀሚሩ ድማ ፖሊስ ከም ኣተግባሪ ናይ ዝተነደፉ ሕግታት ኮይኑ ከገልግል ተመዚዙ፡፡

ኣብ ሕ/ሰብ ኤርትራ ግን ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ዓድታትን ነርቲ ህዝብን በብኸባቢኦም ዝምርሑሉ ሕግታት ቅድሚ እዚ ዘመናዊ ሕግታት ከም ዝነበረ ታሪኽ ዝምስክሮ ሓቒ'ዩ፡፡ ልዕሊ ሕጊ ግን ኣብ ኤርትራ ተኸቢርካን ተኸኣሊካን ብዓበኡ ከኣ ንዘተጋጸ ያዕ ናይ ምግልን ምምሳጽን እቲ ዝኸበረ ባህልናን ክብርናን'ዩ፡፡ ሳላ'ዚ ክብርታት ድማ ኤርትራ ዝተጋሰ ገበን ዘይረኣየላ ሃገር ክትከውን ኣኺኢልዋ ደርኩቡ፡፡ ይኹን'ምበር እዚ ክቡር ባህሊ'ዚ ተዓቂቡ ንወለዶታት ክሰጋገር ምስ ፖሊስ ተሓባበርና ገበናት ናይ ምክልኻል ዓቕምና ክብ ከነብል ይጽንሓለይ ዘይብሎ ግዴታ ኣፍሲ-ወከፍ ዜጋ'ዩ፡፡

# ስድራ ቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

# ክቡር ሰብ ክቡር ሓሳብ የፈልፍል፣ ኣብ ክቡር ሃገር ይጸንሕ

## • ዝያዳ ንኽየአቢ ኢድና ንሓውሰሉ

ንጸገማት ወገንካ ምሕጋዝን ምሕላዩን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተወራረሰ ዝቐጸለ ዘሎ ፍሉይ መለለዩ ጠባይ ህዝቢ ኤርትራ'ዩ። እቶም ዝያዳ ደገፍን ቆላሕታን ዘድልዮም ኣካል ሕብረተሰብ ናይ ምርኣይን ምስማዕን ስንክልና ዘጋጠሞም ዜጋታት'የም። ኑቲ ኢጋጢሙዎም ዘሎ ስንክልና ንኽብድሆ ሞያን ክእለትን ዘጥርዩሉ ባይታ ምውዳድ የድሊ። ስንኩላን ብመንግስቶምን ሕብረተሰቦምን ተደጊፎም ካብ ተጸባዪነት ወጺኦም ርእሶም ንክኽእሉ ብምልእቲ ደረጃ ዝሰርሓሉ ዘሎኺ እንተኾኑ፡ ኣብ ወሻጢን



ወ/ሮ ኣበባ ኣስገዶም

ኣብ ደገን ዝርከቡ ግዱሳት ዜጋታት ጸገማት ንምሕጋዝ በብዓቕሞም ደገፉቶም ክህቡ ምትብባዕ ድማ መሰረታዊን ኣገዳሲን'ዩ።

እንዳ ስድራቤት ኻፍሲሂር ዶ/ር ኪዳነማርያም ዘርእዝጊ'ያ ትብሃል። እዛ ሸዱሽተ ዝኣባላታ ስድራ ኣብ ቬና - ኣስትሪያ ትቕመጥ ዝነበረት ኰይና፡ ድሕሪ ናጽነት ግን ጠቕሊላ ናብ ሃገራ ዝተመልሰት'ያ። ብሰናይ ተበግሶኣ ድማ ካብ 1996፡ ዝም ናይ ምስማዕን ምርኣይን ጸገም ዘለዎም ስንኩላን ተማሃሮ ሞራልን ፍቕርን ንምርኣይ ዓመታዊ ዓቕማ ዘፍቅዶ ሓገዛት ብምግባር ናይ ምዝንጋዕ መደብ ክትሰርዓሎም ጀሚራ። በዚ መሰረት ዓመታዊ ንልዕሊ 150 ዝኾኑ ናይ ምርኣይን ምስማዕን ጸገም ዘለዎም ስንኩላን ተማሃሮ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብራሃ ባህታን ጽሙማን ኣስመራን ምስ ኣሊዮቶም ኣብ ሓደ ኣኪባ ናይ ምዝንጋዕ መደብ ተኻይዱ።

እዚ ኣብ 1996 ዝተጀመረ መደብ፡ ሎሚ ዓመት ንመበል 19 ዓመቱ ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ዓይነስውራን ኣብርሃ ባህታ - ጎዳይፍ ዝሓለፈ ሓሙስ 15 ጥሪ'ዩ ተኻዪዱ። እቲ ናይ ምዝንጋዕ መደብ ካብ ሰዓት ትሽዓተ ናይ ንግሆ ጀሚሩ ክሳብ ሰዓት ሓሙሽተ ድሕሪ ቀትሪ ቀጺሉ ዝወዓለ ኰይኑ፡ ካብ ሚኒስትሪ ትምህርቲን ካብ ኮሚሽን ስፖርት ኤርትራን ዝመጹ ዕዱማት፡ ተማሃሮ፡ ኣሊዩቲ ተማሃሮ ክልቲኦን ኣብያተ ትምህርቲን ካልኦት ዕዱማት ኢጋይሽን ተረኺቦም ነይሮም።

ኣብ መኽፈቲ ስነ-ስርዓት ዳይረክተር ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ዓይነስውራን ኣብርሃ ባህታ መም. ተዛረ ኣይንኣለም ኣብ ዘስምዖ ቃል፡ ቀንዲ ዕላማ'ቲ መደብ፡ ናይ ምርኣይን ምስማዕን ስንክልና ዘለዎም ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ኣብርሃ ባህታን ቤት ትምህርቲ ጽሙማን ኣስመራን፡ ሓቢሮም ዝዘናግዕሉ ሃዋህው ፈጢርካ፡ ኣብ ጎድኖም ከምዘለና ፍቕርናን ሓልዮትናን ንምግላጽን ብኡኡ ገይርካ ድማ ሞራሎም ሓፍ ከምዝብል ንምግባርን'ዩ" ኢሉ። መም. ተዛረ ኣስዒቡ፡ ስንኩላን እንተድኣ ተሓጊዞምን ተተባቢዖምን ክምሃሩ፡ ክሰርሑን ክድምዑን ኣብ ህንጻት ሃገር ድማ እጃሞም ከበርክቱን ከምዝኽእሉ ብዮሁበሪ ዝተራእየ ምኻኑ ጠቒሱ፡ እዚ ከኣ ሳላ'ቲ መንግስቲ ኤርትራ፡ ካብ ጸገሕ ናጽነት ኣትሒዙ ዝተፈላለየ ኣካላዊ ስንክልና ዘለዎም ዜጋታት ካብ ተጸባይነት ዝወጽእሉ ባይታ ፈጢሩ ዘሰላስሎ ዘሎ ስራሕ ምኻኑ ኣስሚሩሉ። እንዳ ስድራቤት ኻፍሲሂር ዶ/ር ኪዳነማርያም ዘርእዝጊ ድማ፡ 'ስንኩላን እንተድኣ ተሓጊዞምን ተተባቢዖምን ኣብቲ ዝደለይዎ ክበጽሑ ይኽእሉ'የም' ካብ ዝብል ቅዱስ ሓሳብ ነቒሎም፡ ተማሃሮን ተማሃሮ ጽሙማን ኣስመራን ዓመት መጺ ሓቢሮም ዝዘናግዕሉን ሓድሕዳዊ ፍቕርም ዝገልጹሉን መድረኽ ፈጢሮምሎም ከምዝለዉ ሓቢሩ።

"እዚ መደብ'ዚ ሸሕ'ኳ ብመጠኑ ማስተን ከምኡ ድማ ንዝተፈላለዩ ንተማሃሮ ህያባት ብምዕዳል ዝስ እንተኾኑ፡ እቲ ዝያዳ ቀምነገሩን መልእኽቱ ግን፡ ሞራል ተማሃሮና ንምብራኽ ስለዝኾኑ፡ ብገንዘብ ዘይልካዕ ወጻኢት'ዩ ዘለዎ" ዝበለ መም ተዛረ፡ ብዘይ ምቁራጽን ምስልካይን ንኣስታት ዕስራ ዓመት ንዝተገብረሎም ሓልዮትን ሓገዛትን፡ ንኹሎም ኣባላት'ታ ስድራ ስለ'ቲ ሞራሎምን ተወፋይነቶምን ኣመስጊኑ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ንወ/ሮ ኣበባ ኣስገዶም፡ በዓልቲ ቤት ኻፍሲሂር ዶ/ር ኪዳነማርያም ዘርእዝጊ፡ ስለ'ቲ ኣብ ልዕሊ'ዞም ተማሃሮ ዘለዋ ሓያል ፍቕርን ተገዳስነትን፡ ብስሞምን ብስም ተምሃሮኣምን ብምምስጋን 'ጻማኹም ካብ ፈጣሪ ርኸብዎ' ኢሉ። "ብዙሕ ቆላሕታን ደገፋትን'ዩ ዘድልየና'ሞ፡ ጸገማት ዜጋታት ናይ ምሕጋዝ ሓላፍነት ንመንግስቲ ጥራይ ዝግደፍ ስለዘይኮነ፡ ብፍላይ ሰብ ጸጋ ዜጋታት ዓቕሞም'ኹም ብዘፍቅዶ ኣሰር እዛ ኣብነታዊ ስድራቤት ኻፍሲሂር ዶ/ር ኪዳነማርያም ዘርማእዝጊ ክትስዕቡ እላቦ" ድማ ኢሉ። ርእሰ መምህር ቤት ትምህርቲ ጽሙማን ኣስመራ መም. የማነ መድሕን'ውን ተመሳሳሊ መልእኽቲ ለበዋን ኣስሚዑ።

ብምቕጻል ብስም እታ ስድራ፡ ሕጽር ዝበለ ቃል ዘስምዐት ወ/ሮ ኣበባ ኣስገዶም'ያ። ወ/ሮ ኣበባ ኣብ መደረኣ፡ እዚ መደብ'ዚ ኣብ ርእሲ'ቲ መንግስቲ ዝገብሮ ጸገማት ተማሃሮ ዘጉበረሎም ዘሎ ዘድሊ ሓገዛትን ደገፋትን ንሶቶም'ውን ቡታ ዓቕሞም ሞራልን ተስፋን ንምስናቕ ዝጉብርዎ ዘለዉ ምኻኑ ብምግላጽ፡ እዚ ከኣ ካብቲ ካልኦት ዜጋታት በብዓቕሞም ንስድራቤት ሰውኣት፡ ንደቂ ሰውኣት፡ ኣንስቲ ሰውኣትን ጠዋሪ ዘይብሎም ዘኽታማት ቈልዑን ዝጉብርዎ ደገፍ ዝፍለ ከምዘይኮነ ሓቢራ። "ዝም ካብ ሕብረተሰብ ብዙሕ ደገፍን ክንክንን ዝደልዩ ስንኩላን ቈልዑ ከምዚ ኢልና ክንሕግዞምን ክዘናግዖምን ምውሳድ፡ ፍሉይ መንፈሳዊን ሕልናዊን ሩፍታ ኢና እንረኽበሉ። ፍቕሪ ናይዞም ቈልዑ'ውን ኣብ ደምና ስለዝኣተወ፡ ዝሓለፈ፡ እዞም ቈልዑ ጥራይ ዘይኮኑስ ንሕና'ውን ዓመት መጺ ኢና ብሃንቀውታ እንጽበዮ" ዝበለት ወ/ሮ ኣበባ፡ ፈለማ ኣብ ግዝኦም ዝጀመርዎ ናይ ምዝንጋዕ መደብ፡ ሎሚ ሳላ ተሳታፍነትን ሓገዝን ደቆም፡ ከምኡ'ውን ብውልቂ ይኹን ብጉጅለ ሞራልን ምትብባዕን ፈተውቶም ናብዚ ደረጃ'ዚ ክዕቢን ክሰፍሕን ምኽኣሉ ኣመና ከምዝሐጐሳ ገሊጻ። ኣብ መወዳእታ ወ/ሮ ኣበባ፡ "ብወገይ ክሳብ ሕጂ ገይረ ኢለ ኣይዝረብን'የ። ዝያዳ ዓቕሚ እንተረኺበ ካብዚ ዝገበርኩ ንላዕሊ ክገብረሎም'የ ትምኒተይ። በዓብኡ ድማ፡ ብዙሓት ተኸቲሎም ረኺበ፡ ዝም ቈልዑ ሓገዝ ዝረኽብሉ ባይታ ክፍጠረሎምን ካብዚ ናይ ሕጂ ዝበለጸ ፍቕርን ሓልዮትን ከርእዩምን እየ" ኢላ።

ኣቦ-መንበር ስነ-ስርዓት ተረኺቡ ንኮሚሽን ስፖርት ኤርትራ ወኪሉ ሞራላዊ ቃል ዘሰምዐ ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን'ቲ ኮሚሽን ሌተናል ኮሎኔል ሳሚኤል ጸጋይ ብወገኑ፡ "ብስም ኮሚሽን ስፖርት ኤርትራ ኣብ መንግስቶም ፍትዋት ተማሃሮ ምርካብይ ኣዝዩ እሕጎስ። እዚ ኢጋጣሚ ድሌታት ናይ'ዞም ተማሃሮ ብቐረባ ንኽንርድእ ኣኽኢሉና'ዩ" ድሕሪ ምባል፡ እዚ መደብ ሞራል ናይ'ዞም ስንኩላን ተማሃሮ ክብ ዝብል ስለዝኾነ ኣገዳሲን ኩሉ በብዓቕሙ ክድግፎ ዘለዎን ምኻኑ ሓቢሩ። ኮሚሽን ስፖርት ኤርትራ፡ ዝም ተማሃሮ እዚኦም ኣብቲ ዝመልክዎ ዓይነት ስፖርት ንኽነጥፉ ዘድሊ ናውቲ ስፖርት ንኽህቦም ኣብ ጎድኖም ከምዘሎ ብምርግጋጽ ከኣ፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ኣብ ኢዶም ዘሎ ናውቲ ስፖርት ክህቦም ምኻኖም ቃል ኣትዩ። ንስድራቤት ኻፍሲሂር ዶ/ር ኪዳነማርያም ዘርእዝጊ ድማ ስለ'ቲ ቅዱስ ተግባሮምን ዜግነታዊ ሓላፍነቶም ምፍጻሞምን ብምምስጋን ክቕጽልዎን ተግባሮም ካልኦት ክስዕብዎን ተላብዩ።

ብድሕሪ'ዚ ተማሃሮን ዕዱማት ኢጋይሽን ናብቲ ብውሕሉላት ከሸንቲ ዝተዳለወ እኽሊ ማይ'የም ኣምሪሖም። ተማሃሮ ምስ ተመገቡ ድማ ዕዱማት ኢጋይሸውን ተራእዎም ሐዘም ምስ ደቆም ኑቲ ሸሻይ ተቛዲሶም። ብሓቂ ድማ ባህ ዘብልን ምቁርን ሸሻይ ነይሩ። ብድሕሪ'ዚ ንኹሎም ተማሃሮ ምዕዳል ዝተፈላለዩ ህያባት ከም ቦርሳ ናይ ትምህርቲ፡ ማልያታት፡ ኮንጎ ጫማ፡ ቀብዕን ካልእን ተኻዪዱ። ኩሎም ተማሃሮ ካብ ኢድ ወ/ሮ ኣበባ ኣስገዶምን ዳይረክተራት ክልቲኦን ኣብያተ-ትምህርቲን ህያባቶም ድሕሪ ምቕባሎም ከኣ፡ ብትሑት መዚቃ እናተሰነዩ ዝተዳለወሎም ፓናቶኒታት፡ ፓስተታት፡ ካራሜላታት፡ ብሽኮትን ካልእን ምስ ተቛደሱ ናብ ምዝንጋዕ ኣትዮም። ወናማት ደምጻውያን ጉጅለ ባህሊ ኣብራሃ ባህታን ኣቦ ጋጣሚ ዝተረኽበ ደምጻዊ የሴፍ ተኽላይ (ኣርባዕ)ን ካልኦትን ድማ ወኒ ተማሃሮን ዕዱማትን ዘንቀሳቕሰን ባህታ ዝፈጥርን ደርፍታትን መዛሙርን ኣቕሪቦም። ኣብ መንጎ-መንጎ'ውን ስጡጥ ግርማይ የውሃንስ (ሳንዲያ) ንተማሃሮ ብዋዛን መዚቃን ኣዘናጊዑዎም። ዓይነስውራንን ጽሙማንን ተማሃሮ ኣቦቲ ገፊሕ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ሓቢሮም ክጻወቱ፡ ክዘሉን ክስዕሱን እንክትርእዮም ድማ ባህታ ይፈጥረልካ።

ኣቦቲ ኢጋጣሚ ተረኺቦም ስምዒቶም ክገልጹልና ካብ ዝተወከሱናዮም ሰባት፡ ወ/ሮ ኢምሰይድ መሓመድ ኣልኣሚን (ጓል ሸኽ) ሰራሕተኛ ዓይነስውራን ኣብራሃ ባህታ፡ መም. በረኸት የውሃንስ ካብ ጨንፈር ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ደብባዊ ምብራቕ፡ ካብ ቶሮንቶ - ካናዳ ዝመጹ ኣቶ እስቲፋኖስ ተስፋሁኳይ ብወገኖም፡ ከምዚ ዓይነት መደብ ንዝፈልጠልካን ንዘሕጎሰልካን ዘይኰነስ፡ ንኽፅምዛኦም ዝኣመሰሉ ደገፍን ምትብባዕን ዘድልዮም ስንኩላን ተማሃሮ ብምኻኑ ዘለገሰን ረቢ ኣልዓለሚን ዝፈትዎ ምኻኑ ጠቒሶም፡ ንሰናይ ተበግሶ ስድራቤት ኻፍሲሂር ዶ/ር ኪዳነማርያም ዘርእዝጊ ኣመጒሶም።

ሎሚ ዓመት ምስ ተማሃሮ ዓይነስውራንን ጽሙማን ኣስመራን ዝተገብረ ናይ ምዝንጋዕ መደብ፡ 'ንዓመታ ከየጉደለን ከየሸረፈን ብሰላም የራኽበና' ብዝብል ሰናይ ትምኒት፡ ኩሎም ተማሃሮ ምስ ወ/ሮ ኣበባን መማህራኖምን ናይ ሓባር ስእሊ ብምውሳድ ብውዕዉዕ መንፈስ ተዛዚሙ።

ስንኩላን ካብ ተጸባይነት ተገላጊሎም ርእሶም ንክኽእሉ በብወገንና ንሓግዞም!



መም/ ተዛረ ኣይንኣለም



ኢምሰይድ መሓመድ ኣልኣሚን







## ኣብ ህድሮ ጀጋኑ

መሓመድኢድሪስ መሓመድ

# እቲ ካልእ ዕጥቂ ጅግንነት

(5ይ ክፋል)

ኣብ እዋን ምዝላቕ፡ እታ ጉጅለ ባህሊ፡ ኣብ'ቶም ኣሰታት ሽሕ ተማሃሮ ተመቓቒላ ነዊሕ ጉዕዞ ከተሰላስል ከላ፡ ኑቲ ጽንኩር መድረኽ ብዘገልጹ መዛሙር ትሰነ ነበረት። ካብ መፋርቕ 70ታት ኣትሒዙ እናዓመረ ዝመጽአ ደጅን ህ.ግ. ከኣ፡ ነበርቱ በብዝሒኡ ሩያኦም ጠቕሊሉም ምስ ሓደጉዎ፡ ብጽምዋ እናተወረረ መጽኦ። ድምጺ ተኹሲን ድሃይ ኩናትን እውን ብቐረባ ኣንጸላለወ። እቶም ትሕቲ ዕድመ ተማሃሮን ኣባላት ጉጅለ ባህሊን ብነዊሕ መስርዕ እናገስገሱ ፋሕን ብሌቓትን ምስ ሓለፉ፡ ኣብ ቅድሚኦም ዝተጉተረ ኣብ ሰሜናዊ ሳሕል ብዑራኹኡ ዝተፈልጠ ኅቦ ገርደዳ ከምኡ'ውን ኑቲ ምስኡ ዝተኣሳሰረን ብየገመ ዝተሸፈነን ሰንሰለታዊ ኣኽራን እንክላኸሩ፡ ዝሓለፍዎ ብደሆን ዝተሓተትዎ ምጽዋርን ኣብ ሎሚ ዘይክኣል እዩ ዝመስል። ኣብ'ቲ ጸላም፡ ሾተት እናበሉ ክወድቑን ክንከራርዉን ክዓውንቶም ብማይ ጆብጆቡ ብቑሪ እናተሓለቡ፡ ብትኻስ ዝተሰነፉ ተማሃሮ እናሰጎሙ እንክድቅሱን ኣንፈቶም ስሒቶም ኑቲ ነዊሕ መስርዕ ኣብ ብዙሕ መሳርዕ ክቐራረጽዎ፡ ንሓድሕዶም ክጸባበዩ ተወሳኺ ነዊሕ ግዜ ክኸዶም፡ ደው ወይ ኮፍ ኣብ ዝበሉዎ ድቃስ ክጠልሞም. . . ከቢድ ጉዕዞ ሓለፈ።

ኑዮም ብዘይ ድቃስን ዕረፍትን፡ ኣብ ጥራይ ከብዶምን ብጽሙእ ጎሮሮኦምን ዝዋግኡን ዝሰውኡን ዝነበሩ ተጋደልቲ እናዘከሩ ግን ሓይሊ እናወሰኹ ኑቲ ጽንኩር ጉዕዞ ናይ ጽንዓት መዛሙር እናኣሰዩ ሕጊግ ይብልዎ።

**". . .ዓይናም ሰለም ዘዋብሉ**
**ዘይደኽሙ ፍጹም ዘይሕለሉ**
**ዝቃለሱ ንናይ ህዝቦም ድሕነት**
**ንጹላኢ ዘዋብሉ ፊልከት. . ."**

እዚ መዛሙር ጅግንነትን ዕላማኑ ኑቶም ተማሃሮ ሓይልን ተስፋን ይህቡዎን ክንዲ ዕጥቅን ስንቅን ኮይኑ የሳልዮምን ነይሩ።

ተማሃሮ ቤ/ት/ሰውራን ጉጅለ ባህሎምን ከም ኩሉ'ቲ ዘዝልቕ ዝነበረ ዜጋ ከይተፈላለዩ ናብ ሓድሽ ደጅን ክግዕዙ ከለዉ፡ ወላ'ኳ ሰራዊት ደርግ ብኹሉ ወገናት ከም ዕቡድ ከልቢ ይኑብሕን ይሓንንን እንተ ነበረ "እቲ ከልቢ ይኑብሕ እቲ ቃፍላይ ጉዕዞኡ ይቕጽል" እናበሉ በቲ ኩነታት ከይተሸበሩ ጉዕዞ ቀጸሉ። ስንቅን ካልእን ጸይሮም፡ ጽምኢ፡ ጥምየትን ድኻምን ተጻዊሮም፡ ማይ ብኹባያ እናተማቐሉ ናብ'ቲ ሓድሽ ደጅን መረሹ። ድሕሪ ናይ ለይትን መዓልትን ዕረፍቲ ዘይብሉ ጉዕዞ ከኣ ኣብ ግዝያዊ ደጅን ሩባ ፊልከት በጽሑ። ኣብ ትሕቲ ኣግራብ ተኸዊሎም፡ ኑቶም ኑቲ ተሃንዲዱ ዝሓንን ዝነበረ ሰራዊት ደርግ ክየግዑ ብመኻይንን ብእግርን ብጥቓኦም ኣብሊዖም ናብ ኣልጌና ገጾም ዝወናጨፉ ዝነበሩ ተጋደልቲ እንክርእዩ ከኣ ትብዖት እናተሰመዖም፡ ንሳቶም ድማ ኑቲ ናይ ጽንዓት መዛሙርን ደርፍታትን እናደጋገሙ የሰንዩዎም ነበሩ። እታ ብኣባል ቀያሕቲ ዕምበባ ፍሰሃየ በላይ እትድረፍን ኣባላት ጉጅለ ባህሊ ብሓባር ዝቕበሉዋን ህቡብቲ ደርፌ ድማ ምስ'ቲ መድረኽ ትኸይድ እያ ዝነበረት።

**"ህዝባዊ ሰራዊት እሳተ ጎመራ**
**ይወናጨፍ ኣሎ ኣብ ሜዳ ኤርትራ**
**ሓራ ንኽወጽአን ኩለን በበተራ"**

እቲ መኸተ፡ ብበረት ናይ'ቲ ኣብ ቅድሚ ግንባር ዝረጋረግ ጅግና ተጋዳላይን ብመዛሙር ናይ'ቶም ኣብ ትሕቲ ዱር ኮይኖም ዝደርፉ ተማሃሮን ነበረ። ብፍላይ እታ ንጅግንነት ተጋዳላይ ብጉሉሕ እትገልጽ ብኢስቲፋኖስ ኣብርሃም (ዞማች) እትድረፍ ዝነበረት

**". . . ጸላእቲ ኣዕገርገሩ፡**
**ከብዶም ተሸበሩ፡**
**ጥሒሶም ከዱ መትከሉ ዓቲሩ. . ."** እትብል ደርፌ፡ ሓንቲ ካብ'ተን ኣብ ግዜ ምዝላቕ ህቡባት ዝነበራ ደርፍታት እያ።

ኣብ እዋን ምዝላቕ፡ ሩባ ፊልከት፡ ናብ ዕሙር መናሃርያ እዩ ተቐዪሩ። ካብ'ቶም ናይ ሰብዓታት ደጀናት፡ ማለት ካብ በዓል ፋሕ፡ ብሌቓት፡ ሰበር-ቀጠ፡ ደብዖት፡ ዓገትን ማህሚመትን ከምኡ'ውን ካብ'ታ ማዕከን ትምህርቲ ዝነበረት ዜሮን ካልኦት ቦታታትን ዝገዓዘ ሰብን ንብረትን ኣብ ሩባ ፊልከት ምስ ተረገረ፡ እቲ ጸቢብ ሩባ ብዝተሸከርከርትን ሰብን ኣዕለቕሊቑ። በቲ ሓደ ድምጺ ናይ'ተን "ጀጀጀ. . ." ዝብላ ሞተራት፡ ከርማሕማሕ ዝብላ ጋራዣትን ጡሓንቲ መካይንን ክሰማዕ ከሎ፡ በቲ ካልእ ኑቲ ህሉው ኩነታት ዘንጸባርቕን ጽንዓት ዝፈጥርን መዛሙርን ደርፍታትን ናይ ተመሃሮ የቃልሕ። ድምጺ ናይ'ቲ ካብ ቀረባ ርሕቐት ዝውንጨፍ ሮኬታትን ኣብ ሰማያት "ሕጭጭጭጭ. . ." እናበላ ዘዕገርግራን ኣይሂ በምባታት ዝሸንኮን ነፈርቲ ኩናት ከኣ ንዛዋን ምድርን የናውጽ።

ኣብ ሩባ ፊልከት ውሑድ ሳምንቲ ምስ ጸንሑ፡ ውግእ እናቐረበ ብምምጽኡ፡ ሩባ ፊልከትን ከባቢኡን ንሓደጋ ተቓልዐ። እዚ ኩነታት ከኣ እንደገና ናብ ካልእ ውሑስ ቦታ ክግዕዙ ኣገደደ። እቶም ዝሓሉ ኣባላት ጉጅለ ባህሊን ካልኦትን፡ በተን ንብረትን ሰብን ዝጻዕነ ዝነበራ መካይን፡ ትርንዕ ዝበሉ ድማ ብእግሮ፡ ኣብ ዕራርቦ ከም ጋሻ ውሑጅ ኣንቀልቀሉ። ኣብ ከባቢ'ቲ ከቢድ ውግእ ዝካየደሉ ቦታ ብዘይጽሑ ከኣ ተዓጸፎም፡ ናብ'ታ ውግእ ካብ ዝካየደሉ ቦታ 4 ኪሎሜተር ዝረሓቐት ቀብር-ወኣት በጽሑ። ካብ ቀብር-ወኣት እውን ብሩባ ተብሕ ኣብሊዖም ንጸጋም ብምጥዋይ ጉዕዞ ቀጸሉ።

ብቐይሕ መሬት ሓሊፎም ገረግር ኣስመራ ምስ ሓደሩን ወዓሉን፡ እንደገና ናብ ምዕራባዊ ወገን ብምጥዋይ፡ ሓለብት ሓሊፎም ብጸልማት ከባቢ ዓራግ እንክበጽሑ፡ ብህንደበት "ኣጊፍ" ዝብል ኣርዓዲ ድምጺ ናይ ተጋደልቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ጎፍ በሎም። ድሕሪ ነዊሕ ዋጢጥን ዝርርብን ጉዕዞ ምስ ቀጸሉ፡ ደብዖት-ሓርማዝ (ላዕላይ ዓራግ) ምስ በጽሑ፡ ዳሕረዎት ክሳብ ዝርክቡን ዝተኣኻኸቡን ሳልስቲ ተጸበዩ።

ጉዕዞ ገና ኣየብቀዐን። መምህራኖምን ኣለይቶምን እንተ ዘይኮይኖም ናበይ ይግዓዙ ከም ዘለዉ ዝፈልጥ የለን። ጉዕዞ እንክጅምሩ እቲ ኣድማስ ጋሪዱ ኣብ ቅድሚኦም ዝረኣዮም እምባ ዝሕለፍ እውን ኣይመስሎምን። ኮይኑ ግን በቲ ሽዑ ዝስራሕ ዝነበረ ጽርግያ፡ 'ኣይንምብርከኽን' እናተጠዋወዩ ዓቐበት ተተሓሒዞም። ኣብ ፍርቂ ናይ'ቲ ኅቦ ምስ በጽሑ፡ ብህንደበት ካብ መምህራኖም "ደው በል! ኣብሩኽ!" ዝብል ትእዛዝ ተመሓላለፈ። እቶም ብነዊሕ ጉዕዞ ዝተዳኸሙ ተማሃሮ ኣብራኾም ራዕራዕ እናበለ ኣብሮኸ። ብርቱዕ ኑትጉ ድማ ኑቲ እምባ ነቕነቖ። እንደገና ከኣ ጉዕዞ ቀጸለ። እቲ ኑትጉ ኣብ ምስራሕ ጽርግያ ዝተዋፈሩ ተጋደልቲ ዝፈንጀሩዎ "ዳይናማይት" (ሚና) እዩ ነይሩ። እቲ ብኾላጉል ዝሰንጥቕ ጽርግያ ንሓደጋ ተቓሊዑ ብምንባሩ፡ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ኑቲ ንሓደጋ ዝተቓልዐ ጽርግያ ብምትካእ፡ ምስ ሱዳን ዘራኽብ መስመር፡ ምስ ወራራት እናተቐዳደመ ይሰርሖ ነበረ። እቲ ነዊሕ መስርዕ ተጓዒዙቲ በብቑሩብ ሰሊዩ እናበለ፡ ጹሓይ ኣብ ምዕራብ ኣብ ዝጠን ናይ'ቲ ከበሳዊ ባህሪ ዘለዎ ዶብ (ረኣሰብር) ተኣኻኸበ።

ተማሃሮ፡ ኣብ ዝጠን ናይ'ቲ ጽሑዱ፡ ኣውልዑ፡ ታህሰሰ. . . ዝርከቡዎ ጣሻ፡ ግመን ዒፍዒፍታን ተኸዲኖም፡ ብቑርን ኣሳሒታን እናተገርፉ ሓደሩ። ኣብ'ቲ ዝበረኸ ቦታ ኮይኖም ኑቲ ሰራዊት ደርግ በጺሑዎ ዝነበረ ክሳብ ባሕሪ ዝዝርጋሕ ምብራቓዊ ጎላጉል ክማዕድዉዎ ብምኽኣሎም ከኣ ኣብ ሰማይ ተንጠልጢሎም ዝሓደሩ ኮይኑ እዩ ተሰሚዑዎም። እቲ ጽርግያ ምስ ተዛዘመ ከኣ ሰብ ጥራይ ዘይኮነስ መካይን እውን ክመላለሳሉ ጀመረ። ኮይኑ ግን ኣብ ግዜ ጸልማት ሰራዊት ደርግ ብርሑቕ ክርእዮ ስለ ዝኽእል፡ ወላ'ውን ኣብ እዋን ጸልማት መካይን መብራህቲ ኣጥፊኣን እየ ዝኸዳ ዝነበራ። ስለ ዝኸነ እዩም ድማ ተጋደልቲ 'ሓዊ ኣጥፍእ' ዝብል ተወሳኺ ሽም ዘጠመቑዎ።

እቶም ተማሃሮ፡ ኣብ ወጋሕታ፡ ኑቲ ቃልቃል ዝበሉ፡ ብትኪን ደሮናን ዝተዓበለኹ፡ ብድምጺ ጠያይትን በምባን ዝናወጽ ዝነበረ ኣኽራናት ሰሜናዊ ሳሕል ሓንሳብ ኣማዕደውዎ'ሞ ካብ ዝጠን ናይ'ቲ ታባ ኣንቈልቈሉ። ካብኡ ንንጸው ጉዕዞኦም ኣብ መሬት ኤርትራ ከም ዘይኮነ ምስ ኣረጋገጹ ከኣ ኣመና ተደናፊኡ። ጉዕዞ ናብ መሬት ዓዲ ጓና ከኣ ኣንጊሆም ተተሓሒዞም።


**ይቕጽል......**



እታ ንእሽቶ ናይ ምዝንጋዕ ኣጋጣሚ



ኣባላት ከቢድ ብረት ኣብ እስትንፋስ ዘይህብ ስራሕ



እሳት ዝተፋእ መሬት ሳሕል

# ምልክታ

ዳሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደስ

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ መርሃዊት ግርማይ ጉብረኸኤል ምባል ተረፉ፡ መርሃዊት ግርማይ ጉብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንI22/1/15 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባኢያ ይቕረብ።

## ዞባ ዓንሰባ ከረን

ሄኖክ ባህታ መሓሪ ምባል ተረፉ፡ ናሆም ባህታ መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/15 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ደቂ ሽሓይ

ወ/ሮ ኣኸበረት የሰየፍ ወልደሚካኤል፡ በዓል ቤተይ ኣምለሶም ወልዳይ ከሰተ ካብ ሃገር ወጺኡ ስለዘሎ ብቴሌፎን ውክልና ስልጣን ብዘይብሉ ስድራ ከኣተ-ሓከ. ዝብል ስለዝቐረበ፡ ብኣካል ወይ ብምሉእ ውክልና ስልጣን ን7/2/15 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ምምሕዳር ከባቢ ከረን 01

ተወልደ ጉብረስላሴ በዓልቲ ቤተይ ምሕረት ተወልደ ግደ ስለዝሞተት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/2/15 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ መርሓኖ

ወሃቢት ወ/ሮ ለተዝጊ ተስፋማርያም ኪዳኑ ንተቐባሊ ህያብ ቀሺ ጠዓመ ጉብረሃዋርያት ኢሳቕ 1 ክፍሊ 4*4 ስለዝሃብኩዎ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/2/15 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ኣቶ መስፍን ጉዐይ ምባል ተረፉ፡ መስፍን ግደይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/15 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባኢያ ይቕረብ።

ትሕቲ ዕድመ ፍትሒያ ሓጎስ ይሕደጎ ብወለዳ 1.ኣቶ ሓጎስ ይሕደጎ መሓመድ 2.ወ/ሮ ጀሚላ መሓመድኑር ኑርሑሸን ኣቢላ፡ ፍትሒያ ሓጎስ ይሕደጎ ምባል ተረፉ፡ ያስሚን ሓጎስ ይሕደጎ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/2/15 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባኢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ በቀለሽ ክንፈ ተኽለማርያም ምባል ተረፉ፡ ሂወት ክንፈ ተኽለማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/2/15 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባኢያ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ መንደፈራ

ወ/ሮ ነጻነት ዑቑበ ሃይሉ፡ ምስ ተጸዋዊ በዓል ቤተይ ኣቶ የውሃንስ ኪዳነ ሓደራ ቅድሚ 14 ዓመት ዝተመርዓና ኮይና 2 ቆልዑ ወሊድና። እዚ ተጸዋዊ በዓል ቤተይ ካብ ገዝኡ ካብ ዝወጸእ ልዕሊ 5 ዓመት ዝጉብረ ኮይኑ፡ እዚ ተጸዋዊ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ክቐርብ። ምስ ዘይቀርብ ድማ ናብ ዘመድ ሽማግሊታት ተመሪሑ ፍትሕ ክውሰነለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/2/15 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባኢያ ይቕረብ።

## ዞባ ጋሽ ባርካ ኣቑርደት

ዓሊ ሕሴን ያሲን ምባል ተረፉ፡ ዓሊሕሴን ያሲን ዓሊሕሴን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/2/15 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ተሰነይ

ወ/ሮ ርሻን ልባብ የጊን ስም ኣደይ ንግስቲ ሓደራንከኤል ምባል ተረፉ፡ ኣውዓለት ሓደራንከኤል ፍሪንከኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/15 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባኢያ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ተሰነይ ዞባ ሰላም

ወ/ሮ ትምኒት ሃብተ ጊላዝጊ ምስ ተጸዋዊ ኣቶ መድሃኔ ስምና ዓንዲት ብዕለት 5/5/2012 ዓ.ም ብግቡእ ቃልኪዳን ከምዝገበርና ዝፍለጥ ኮይኑ፡ እንተኾነ ሕጽኖት ወዲኣ ናብ ስድራይ ምስ ተመለስኩ ማለት ካብ ወርሒ 7/2012 ዓ.ም ካብ ሃገር ወጺኡ ሃለዋቱ ስለዘይብለይ፡ ሕጂ ግን ቃልኪዳን ከውርደለይ ስለዝበላ፣ ተጸዋዒ ኣቶ መድሃኔ ስምና ዓንዲት ን30/1/15 ሰዓት 8፡00 ቅ/ቀ ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ ቤ/ፍ ጉዳይኩም ክሪኦ ምኳኑ ንሕብር።

# ምልክታ

ትካል ስፐይስ 2001 ኤርትራ ንዝሎና ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ ክንቀጽር ስለዝደሎና፦

| | |
|---|---|
| 1) መደብ ስራሕ | ኤሌክትሪሻን |
| ደረጃ ትምህርቲ | ካብ ስነ-ኪነት ምሩቕ |
| ልምዲ ስራሕ | 5 ዓመት |
| ዕድመ | ካብ 18 ክሳብ 45 ዓመት |
| ብዝሒ | 2 (ክልተ) |
| ደመወዝ | ብስምምዕ |
| ጾታ | ተባዕታይ |

ኣመልከቲ ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝተጣየሱ ወይ ድማ ዘይምልከቶም ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተሓቲሙ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ናይ ስራሕ ሰዓታት ዘለኩም ናይ ትምህርቲ ደረጃን ስራሕ ልምድን ኣታሓሒዝኩም ክተቐርቡ ንሕብር።

ናብ፡ ስፐይስ 2001 ኤርትራ
ፖ.ሳ.ቁ 4435
ቴሌ 151598

# ምልክታ

ወ/ሮ ልችያ ሴዳኒ ፍራንቸስኮ ዋንነተይ ዝኾነ ገዛ ብስመይ ዝተመዝገበ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 2 ምምሕዳር 02 ጎደና ወሎ/ደንጎሎ ቁጽሪ ገዛ 4 ሎታ ቁጽሪ 44 ቁጽሪ ፓርሰል "ቢ" ብግዝያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 107457 መወከሲ ቁጽሪ 101385፡ 2 ቀንዲ ክፍልታት 2 ሓገዝቲ ክፍሊ ዘለዎ፡ ኣብ ንብረት መመዝገቢ ቤት ጽሕፈት ቁጽሪ መለለይ ንብረት 25258/35972 ብስመይ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ስፍሓት መሬት 250 ት/ሜ ዘለዎ ንዓዳጊ ኣቶ ኑረዲን ዓብደልቓድር ሓጎስ ስለዝሸጥኩሉ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ናብ ክፍሊ ትሕተ ቅርጻዊ ኣገልግሎት ዞባ ማእከል ቤት ጽሕፈት ኖታዮ ይቕረብ።

ሕጋዊ ወኪል ኣቶ ዓብደልቓድር ሓጎስ ኢብራሂም

ወ/ሮ ፍቓዱ ገብረኪዳን ገብረክርስቶስ ብሽመይ ዝወጸ ኣብ ዞባ ማእከል ሰንበል ዝርከብ ናይ ቦን መሬት ንብረተይ መወከሲ ቁ.03/001607 ቁጽሪ መለለዩ መሬት ASP 00017252 ፕሎት 208 ፓርሰል K ጎደና 1997/129 ምርሒት መሬት ከምኡ'ውን ሰሌዳ ውዕል ኣጠቓቕማ ክራይ መሬት ስለዝጠፍኣኒ፡ ብዕዳ ሒዘዮ ወይ ረኺበዮ ዝብል እንተሎ ብቁ.ስልኪ 07135829/07204211 ክትሕብሩኒ። እንተዘይኮይኑ መተካእታ ክወሃበኒ ክሓትት ምኳነይ አፍልጥ።

ወ/ሮ ፍቓዱ ገብረኪዳን ገብረክርስቶስ

# ምልክታታት

ኣነ ወ/ሮ ጽገረዳ ቢንያም ፍረ ዝተብሃልኩ፡ ብስመይን ብስም ስለማዊት ደበሳይ ካሳን ዝተመዝገበ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣብ ቤት ዝሕፈት ንብረት ምዝገባን ትሕጃን ብንብረት ምዝገባ ቁጽሪ 54506፡90206 ን 1698፡100837ን ተመዝጊቡ ዝጸንሐ ሕጂ ግን ኣብ ቤት ጽ/ፓብሊክ ኖታሪ ዞባ ማእከል ብስመይ ክምዝገብ ስለዝኾነ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ዉሽጢ 30 መዓልታት ኣብ ቤት ጽ/ፓብሊክ ኖታሪ ዞባ ማእከል ይቕረብ።

ጽገረዳ ቢንያም

ወ/ሮ ለትንሴ ምስግና ተስፉሚካኤል ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ 4ተ ኣስመራ ኣብ ጎደና 131/12 ቁ/ገዛ 35 ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረተይ ንኖህ ሰናይ ኪዳነ ብመንገዲ ሞግዚቱ ወ/ሮ ለምለም ገብረእየሱስ ስባሁቱ ስለ ዝሸጥክሉ ናብ ስሙ ከመሓላልፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ዉሽጢ ሓደ ወርሒ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪ ዞባ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተንስኤ ምስግና ተስፉሚካኤል

ኣቶ የዉሃንስ ወልደትንሳኤ ዘወልዲ ዝተፈቕደሎም ናይ ቤት ስፌት ሳእኒ ትካሎም "ሆሳእና ቤት ስፌት ሳእኒ" (HOSAENA SHOE MAKING) ተባሂሉ ክስመየሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ ኣብ ዉሽጢ ሓደ ወርሒ ኣብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ዉሽጢ ንግዲ

ብስም ብርኽቲ የማነ ገብረማርያም ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቀስ መንበሪ ገዛ ኣብ ኣስመራ ዞባ 9 ምም 06 ጎደና 32 "ሀ" ቁ.ገዛ 28 ብንብረት ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 109407 መወከሲ ቁጽሪ 11493 ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛ ክሸጦ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ዉሽጢ ሓደ ወርሒ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ይቕረብ።

ወ/ሮ ብርኽቲ የማነ ገብረማርያም

ኣብ ዞባ፡ ማእከል ፓራዲዞ ጎደና ዓዲ ሰጉዶ ቁ/ገዛ/ - ቁ/ፍቃድ ዋኒን ASL00036803 ዝተመዝገበ ናይ ስሩሕ ጫማታት መሸጢ ንግዳዊ ትካሎም ንወ/ሮ ቢዘን ደበሳይ ገ/ሄር ብውህብቶ ስለዝሀብኩወን ብስም ወሃቢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግበኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓዉምኡ የቕርብ። እንተዘኮይኑ ብቓወም ኣካል ከምዘየለ ተቆጺሩ ናብ ስም ዉህበት ተረካቢት ከም ነማሓላልፍ ነፍልጥ።

ኣቶ ዓስቡ ቦኽረ ገ/ታቲዮስ

ወ/ሮ ወርቁ ዕዋል ስእላይ ብወኪለይ እያሱ ይስማው፡ ብስም በዓል ቤተይ ነፍ/ይስማው ካሳ ውብሸት ዝተመዝገበ ኦርጂናል ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ቁጽሪ ምስክር 115768 መወከሲ ቁጽሪ 102049 ስለዝጠፍኣኒ፡ ብዕዳ ሒዘዮ ወይ ረኺበዮ ዝብል እንተሃልዩ ብቁ.ስ 153125 (07251961) ምም/ከባቢ ቲራቮሎ ጎደና ኩመለይ 744 ቁ.ገዛ 50 ክሕብረኒ፡ እንተዘየለ መተካእታ ካብ ዝምልከቶ ክሓትት ምኳነይ ይሕብር።

ወ/ሮ ወርቁ ዕዋል ስእላይ

ካብ ወለድና ነፍ/ዘወንጌል ኣባይን ነፍ/ጸሃይቱ ተስፋሚካኤልን ዝወረስናዮ ኣብ ኣስመራ ከተማ ምም/ከባቢ ዕዳጋ ሓሙስ (ዞባ 6 ምም/01 ጎደና ተፈሪ በርሀ ነበር) ቁ.ገዛ 8/10 ሎታ 46 ፓርቸላ H ዝርከብ፡ ብምስክር ወረቐት ቁ/122773 መወከሲ ቁ/136103 ብስምና ዋንነት ዝተረጋገጸልና፡ እቲ ገዛ ስለዝሸጥናዮ፡ ናብ ዓደግቲ ስም ከይነዛውር ሊብሬቶ ስለዝጠፍኣና፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተሎ፡ ብቁ/ሞባይል 07358879 ኣቶ እዮብ ኢልኩም ክትሕብሩና። እንተዘይኮይኑ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ሓቲተ ናብ ሽም ዓደግቲ ከመሓላልፎ ምኳነይ እሕብር።

ደሃብ ብላታ ዘወንጌል

ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብስም ዓባይና ነፍ/ውነሽ ሑሴን መሓመድ ብቁ.ምስክር ወረቐት 118558 መወከሲ ቁጽሪ 133778 ዝተመዝገበ ኦሪጂናል ናይ ዋንነት ደብተር (ሊብሬቶ) ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ድማ ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተሎ፡ ብቁጽሪ ስልኪ 126186 ወይ 07163729 ወ/ሮ ሩማና ዓሊ ብምባል ክትሕብሩኒ፡ እንተዘይኮይኑ ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእታ ክሓትት ምኳነይ ይሕብር።

ወ/ሮ ሩማና ዓሊ

ብስም ወራ/ነፍ ገብረኪዳን ገብረስላሰ ወራሲ ተመስገን ገብረኪዳን ብውርሲ ዝረኸብዎ ቀዋሚ ንብረት ገዛ ኣብ ምም/ከባቢ 4 ኣስመራ ኣብ 230 ት/ሜትር ዝተሰርሐ ናብ ኣቶ ዑቕባይ ተስፋይ ተስፋማርያምን ወ/ሮ ኣይዳ ጸጋይ ወልደትንሳኤን ስለዝሸጥክዎ፡ ብንብረት ምዝገባ ቁጽሪ ፓብሊክ ኖታሪ 4199/2014 ብዕለት 28/11/2014 ዓ.ም ዝተመዝገበ ናብ ዓደግቲ ዋንነት ንኽሰጋግር ዝቃወም ከይህሉ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ክእወጀለይ የመልክት።

ወራ/ነፍ ገብረኪዳን ገብረስላሰ
ኣቶ ተመስገን ገብረኪዳን

ኣቶ ብርሃነ መስፍን ኪዳነ ዝተፈቕደሎም ናይ ሱፐር ማርኬት ንግዳዊ ትካሎም "ረሓቦት ሱፐር ማርኬት" (REHABOT SUPER MARKET) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤ/ፍ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቆጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

ኣቶ ኣልኣሚን ጃብር ብርሃኑ ዝተፈቕደሎም ናይ ቤት ቁርሲ ንግዳዊ ትካሎም "ኣልጃብራ ቤት ቁርሲ" (ALJABRA SNACK BAR) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤ/ፍ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቆጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

ወ/ሮ ጽገሃና ወልደሚካኤል ውዓል ነቲ ብቁ.ምስክር ወረቐት 109490 መወከሲ ቁ.114458 ዋንነተይ ዝተመዝገበ ኣብ ዕዳጋ ዓርቢ ዝርከብ ገዛይ ስለዝሸጥኩዎ፡ ዝቃወም እንተሎ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጽገሃና ወልደሚካኤል ውዓል

ብሽመይ ወ/ሮ ህይወት ተኽለ እንግዳ ዝተመዝገበ ገዛይ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ከባቢ ኣልፈርማዮ ምም/ከባቢ ገጀረት ጎደና 177-8 ቁ.ገዛ 14 ሎታ ቁ.76 ፓርቸላ ስፍሓት መሬት 209.82 ት/ሜ ዝኾነ ዓይነት ተራ ገዛ ኣብ ልዕሊኡ ዝተሰርሐን ዘይተሰርሐን ገዛውቲ ዘለዎ ብኮሚሽን ኣባይቲ ዋንነቱ ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 121274 ብመወከሲ ቁ.102817 ብካዳስኮ ንብረት ቁጽሪ 55757/92115 ዝፍለጥ ዋንነተይ ዝኾነ ገዛ ናብ ኣቶ ፍራንኮ ታደሰ ሰጊድ ሸይጠዮ ስለዘለኹ ይብጽሓኒ እዩ ዝብል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ዞባ ማእከል የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ስም ዋንነት ናብ ስም ዓዳጊ ከማሓላልፎ ምኳነይ የፍልጥ።

ወ/ሮ ህይወት ተኽለ እንግዳ

## ምልክታ

ብሽም ኣቶ ኣለክሳንደር ተኽለ ወልደሃዋርያት ዝተመዝገበ ቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL 00038090 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ገጀረት ጎደና - ቁ/ገዛ 11 ዝርከብ እንዳ ድኳን ንግዳዊ ትካሎም ንወ/ሮ ኣስመረት ተኽስተ ተስፋይ ብውህብቶ ሂበያ ኣለኹ፡ ብሽም ውህብቶ ወሃቢ ይግብኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ስልጣን ንዘለዎ ቤ/ፍ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቆጺሩ ናብ ሽም ውህብቶ ተረካቢት ከምነመሓላልፎ ነፍልጥ።

ኣቶ ኣለክሳንደር ተኽለ ወልደሃዋርያት



| ሓዳስ መጽሓፍ | ንተመሃሮ ማእከላይ ደረጃ | 6ይ-8ይ ክፍሊ | 4 ዓይነት ትምህርቲ<br>ስነ-ቑጽሪ፡ ሳይንስ፡ ማ/ትምህርቲ፡ እንግሊዝኛ |
|---|---|---|---|

ብኽፍልታት (grades)፡ ብዓ/ትምህርቲ (subjects)፡ ብምዕራፋት (units)፡ ብኣርእስትታት (topics) ተኸፋፊላ ዝተዳለወት ኣዚያ ሓጋዚት መጽሓፍ ኣብ ስተሺነሪታት ተዘርጊሓትልኩም ኣላ።

ኣብ ውሽጢ 3 ክፍልታት 6ይ፡ 7ይ፡ 8ይ

**GENERAL WINNERS in Grade 6, 7 & 8**

**Maths　Science**
**S. Studies　English**

**ትሕዝቶ መጽሓፍ**

- ✓ ዝተፈትሑ ግድላት ድግማ
- ✓ ዝተገልጹ ሕቶታት ድግማ
- ✓ ዝተዓየዩ ሕቶታት ጀነራል 10 ዓመት (2005-2014)
- ✓ መግለጺ ምስ ኣብነታት
- ✓ ስእላዊ መረዳእታታት
- ✓ Model Exams
- ✓ መልሲ ናይ Model Exams

ሰፊሕን ኣጠቓላልን ትሕዝቶ ምስ ሰሓቢ ኣቀራርባ!

**ንሓበሬታ**
07142402
07461121
07116587


ኣከፋፋሊ ንዘባታት፦ ሱነታ ስተሽነሪ ቴሉ 124009



**ሓዳስ መጽሓፍ ንተመሃሮ 2ይ ደረጃ**

Alpha Problem Solver ዘርእስታ ሓዳስ መጽሓፍ ንኹሎም ተመሃሮ 2ይ ደረጃ ብፍላይ ድማ ንተፈተንቲ ሃገራዊ መርመራ (ማትሪክ) ሓጋዚት ዝኾነት መጽሓፍ ሓሙሽተ ዓይነት ትምህርቲ እንግሊዝ፡ ቁጽሪ፡ ፊዚክስ፡ ኬሚስትርን ባይሎጅን ካብ 2010 ክሳብ 2014 ናይ ማትሪክ ሕቶታት ምስ ዓሚቕን ገላጽ መብርሂታት ምስ መልስታቱን ሐዚ ኣብ ዕዳጋ ተዘርጊሓትልኩም ኣላ።


ንዝያዳ ሓበሬታ፡ 114940 ወይ 07151337 ተወከሱ!!






# ቤት ትምህርቲ ስነ ጥበብ "ማክታ"

## ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ርሑስ ሓድሽ ዓመትን ልደትን ይግበረልና እናበለ


ንዓመተ 2015 ምዝገባ ንሓደስቲ ተማሃሮ

- ኣብ ናይ ሙዚቃ መሳሪሒታት፥ (ዘመናውን ባህላውን)፥
  - ትልሂት (ሳልሳ፡ ቻቻ፡ ባቻታ፡ መሪንጌ)
  - ድምጺ (ቮካል)
  - ሰኣሊ /ቅብኣ ከምኡ'ውን ድራማ

ብክልስ ሓሳብን ግብርን ተሰንዩ ዚወሃቦ ትምህርቲ ሓደስቲ ተመሃሮ ኣብ ምምዝጋብ ይርከብ፡ ስለዚ ግዱሳት ቅድሚኡ ዘሎ ጊዜ ኣብ ዝስዕብ ኣድራሻና መጺኣኩም ክትምዝገቡ ቤት ትምህርትና ይሕብር፡

ኣድራሻና፡
ገዛ ባንዳ ልዕሊ ማይ ጃሕ-ጃሕ
ልዕሊ ሶና ካፌ አዩ፡
ንዝያዳ ሓበሬታ ቴሌፎን 112326/07278892



## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ወ/ሮ ሓጎሳ ኪዳነን ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ኪዳነ ገብረስላሴን ኣብ ዝነበረ ክርክር 2ይ መጋባእያ ቤ/ፍ/ዞ/ጋ/ባርካ ባረንቱ ኣብ ዞባ ፍትሒ ባረንቱ ዝርከብ መንበሪ ገዛ ብሓራጅ ንክትሸየጥ ኣዚዙ። በቲ ትእዛዝ መሰረት፦
መንበሪ ገዛ ኣብ ዞን 4 ብሎክ 44 ፓርሰል F ኣብ ዞባ ፍትሒ ዝርከብ ከባቢ ሆቴል ናጽነት ብኪኢላዊ ግምት 1,430,586 ናቕፋ (ሓደ ሚልዮንን ኣርባዕተ ሚእትን ሰላሳን ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን ሰማንያን ሽዱሽተን) ስለዝተገመተት፡ ብሓራጅ ክሸየጥ ስለዝኾነ ኣብቲ ዝግበር ጨረታ ክሳተፍ ዝደሊ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ ሓሙሽተ መዓልታት ጀሚሩ ናይቲ ዝረቖሖ መጠን ገንዘብ ብዝተዓሸገ ስታሪት ኣብ ቤት ጽሕፈት ፈጻሚ ፍርዲ ቁ.09 ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ኣታዊ ይገብር።
ብተወሳኺ ኣብ ዕለት ሓራጅ ናይቲ ዝተዋህበ ግምት ¼ ብስም ፈጻሚ ፍርዲ C.P.O ኣሰሪሑ ወይ ናይ ባንክ ተጠራቓሚ ሕሳብ ደብተር ሒዙ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ዝቃወም እንተሎ ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍ መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ሓራጅ ኣየቋርጽን።

ዕለት ሓራጅ፦ 18/2/2015
ሰዓት፦ 10፡00 ቅ/ቀ
ቦታ ሓራጅ፦ ዞባ ቤት ፍርዲ

ተወሳኺ ሓበሬታ ዝደሊ ኣብ ዞባ ቤ/ፍ ባረንቱ ቁጽሪ 09 መጺኡ ሰነድ ክውከስ ይኽእል።
ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ



# ሓዳስ መጽሓፍ

## Alpha Problem Solver


ዘርእስታ ሓዳስ መጽሓፍ ንኹሎም ተመሃሮ 2ይ ደረጃ ብፍላይ ንተፈተንቲ ሃገራዊ መርመራ (ማትሪክ) ሓጋዚት ዝኾነት፡

- ✓ ልዕሊ 500 ገጻት ዝሓዘት
- ✓ ብዝተፈላለየ ዓውደ-ትምህርቲ ዝተመረቑ 40 ናይ ካልኣይ ደረጃ መምህራን ዘሳተፈት
- ✓ ብናይ ኮሌጅ መምህራን ኤዲት ዝኾነት

**ትሕዝቶ መጽሓፍ**

➢ ካብ 2010 – 2014(ናይ 5 ዓመታት) ናይ እንግሊ[ዝ] ቁጽሪ፡ ፊዚክስ፡ ኬሚስትሪን ባይሎጂን ናይ ማትሪክ ሕቶታት ምስ ዓሚቑን ገላጺ መብሪሂታቱን ምስ መልስታቱን ሒዛ ኣብ ዕዳጋ ተዘርጊሓትልኩም ኣላ።


114940 ወይ 07151337 **ተወከሱ!!**






# NEW ENGLISH NOVEL

## ሓዳስ ናይ ኢንግሊዘኛ ልብ-ወለዳዊት መጽሓፍ




**WHY NOT GIVE IT A TRY?**

- A MUST-READ ROMANTIC ENGLISH NOVEL **"THE PEICES FALL INTO PLACE"** BY MINNAS TEKESTE, IS OUT IN ALL BOOKSTORES, STATIONERYS AND THE GALLERY. **CHECK IT OUT!**
- "THE PEICES FALL INTO PLACE" ዘርእስታ ብሚናስ ተኸስተ ዝተደርሰት ልብ-ወለዳዊት መጽሓፍ ኣብ ኩለን ቤት-መጽሓፍትን ስቴሽነሪታትን ተዘርጊሓትልኩም ኣላ !


ንዝያዳ ሓበሬታ ብ ቁ. ቴሌፎን: 07362218 ተወከሱ



# ብስራት ንተማሃሮ ካልኣይ ደረጃ

## High School Physics ዘርእስታ መጽሓፍ






- ናይ 12 ዓመታት መልቀቒ ፈተና (matriculation questions)
- ንነፍስወከፍ ሕቶ ብዝርዝርን ንጹርን መልሲ ዝሓዘት
- ሓጸርቲ መብርሂታትን መግለጺታትን ዘካተተት
- 280 ስእላዊ መግለጺታት ዘለዋ ከምኡ'ውን

A comprehensive guide to high school physics
ዘርእስታ ካብ 9-12 ክፍሊ ንዘለዉ ተማሃሮ ዘገልፍሉ
ዝተዋጽኡ ክለሰ ሓሳባት፡ ብርክት ዝበሉ ዝተሰርሑ ግድላት፡ ስእላዊ
መግለጺታትን፡ ተወሰኽቲ ሓገዝቲ ሕቶታት ዝሓዛ ብዘይደገፍ መማህራን ብቀሊልን ንጹርን
ዝርዝራውን ኣገባብ ዝተዳለዋ ሓገዝቲ መጻሓፍቲ ኣብ መሸጣ ኣብያተ መጻሓፍቲ ተዳሊየናልኩም ኣለዋ። ገዚእኩም ተጠቐሙለን

## ብስራት ንተማሃሮ ቀዳማይ (1ይ) ዓመት ኮለጃት

College physics ዘርእስታ ሓዳስ መጽሓፍ
ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ሰመስተር ቀዳማይ ዓመት ትምህርቲ ኮለጅ
መምሃሪ፡ መወከሲ፡ መለማመዲ፡ መገምገሚ፡ መዳለዊ ንወሰንቲ ፈተናታት፡ ከምኡ'ውን መሰረት ንዝላዓለ ትምህርቲ ብቀሊልን ንጹርን ዝርዝራውን ኣገባብ ዝተዳላወት መጽሓፍ ኣብ መሸጣ ኣብያተ መጻሓፍቲ ተዳሊያትልኩም ኣላ።
ገዚእኩም ተጠቐሙላ ንተወሳኺ ሓበሬታ ቴሌ 07237770 ሰለሙን ወልደጋብር

# ነንፈልጦ

ሃብቶም ጸጋይ

## ጀርምታት ብኸመይ ኣብ ኣስናን ነኻሉት ይሰርሑ?



ሽኮራዊ መግቢ ኣብ ኣፍ ኣብ ዝኣትወሉ ግዜ ኣብ ውሽጢ ኣፍ ዝርከቡ ጀርምታት ተሓዊሱ ኣሲድ ይሰርሕ። እቲ ዝፍጠር ኣሲድ ድማ ኣብ ውሽጢ ኣስናን ነኻል ይፈጥር።

ኣብ ውሽጢ ኣፍ ንዝርከቡ ኩሉም ጀርምታት ብምቕታል ወይ'ውን ክትቀትል ብምፍታን ንዘጕኽጕኽ ሲ ወይ ድማ ብሕማም ንዘተጠቕዐ ግርጃን ክትተኣኣሽል ኣይከኣልን እዩ። እዚ ድማ እቶም ኣብ ውሽጢ ኣፍ ዝርከቡ ጀርምታት ኣዝዮም ብዙሓት ኣብ ርእሲ ምዃኖም ገለ ካብኣቶም'ውን ኣገደስቲን ጠቓምትን እዮም። ስለዚ እቲ ክዝረብ ዝዀነ ኣገዳሲ ነገር፣ ጀርምታት ኣብ ኣፍ ከይጸንሑን ኣብ ኣስናን ረቒቕ ሸፋን ከይሰርሑን ምክልኻል እዩ።

ኣብ ኣስናን 'ጸብራዊ ሸፋን' ኣብ ዝህልወሉ እዋን ክጸንሕ ኣይግባእን'ዩ። ምኽንያቱ እዚ ሸፋን'ዚ ምስ ሽኮር ኣብ ዝሕወሰሉ ግዜ'ዩ እቲ ኣሲድ ዝፍጠር። እቲ ሸፋን ካብ 24 ሰዓታት ንላዕሊ ምስ ዝጸንሕ ምስ ምራቕ ተሓዊሱ ይደርቕን ከም ወጽኢቱ ድማ ባዕኪ ሲ ዝፈጥር ብምዃኑ ቀልጢፉ ክጽረይን ክእለን ኣለዎ። እቲ ቀንዲ ምኽንያት ምጽራይ ስኒ ዝዀነ ገጽለታት ንምስባርን ብኡ ኣቢልካ ከኣ ኣብ ኣስናን ኣሲድ ከይሰርሑ ንምግታእን እዩ። ኣስናን ምጽራይ ካብ ባዕኪን ምብኽባኽ ኣስናን ንምክልኻል ዝቐለለ መንገዲ ብምዃኑ ኣስናን ኣብ ነፍስወከፍ 24 ሰዓት እንተውሓደ ሓንሳእ ምጽራይ ኣገዳሲ እዩ።

## ሕቶ ንዂብርም

1. ካብዞም ዝስዕቡ ንባህላዊ ኩዳን ብዙሪ ኣሻንቲ ዝወክል ስም ኣለ?
   ሀ. ኬዳ ለ. ቡሻ ሐ. ኬንታ መ. ኩሎም መልሲ እዮም
2. ካብ ኣፍሪቃውያን መራሕቲ ሃገር ዚዩዮ ካ ኣውጸኡ?
   ሀ. ኩዋመ ንክሩማ ለ. ቺንዋ ኣቼበ ሐ. ሰር ሰሬጻ ካማ መ. መልሲ የለን
3. ደቂ ተባዕትዮን ደቂኣንስትዮን ማዕረ ቁጽሪ ማሰኖሽ የብሎምን።
   ሀ. ሓቂ ለ. ሓሶት ሐ. መልሲ የለን
4. ኣብ ዓለም ንድሕሪት ከይተጠወዩ ክርእዩ ዝኽእሉ እንስሳታት በዓል መን'ዮም?
   ሀ. ማንቲለን መንካዕን ለ. ማንቲለን ሕንጻይን ሐ. ሕንጻይን መንካዕን
5. ኣብ ልምድታት ህይወታውያን ብሕልፊ ድማ ምስ ከብቢኦም ዘለዎም ዝምድና ዘጽንዕ ዓውዲ ስፍልጠት እንታይ ይበሃል?
   ሀ. ኢኮሎጂ ለ. ሳይኮሎጂ ሐ. ባዮሎጂ መ. ኩሎም መልሲ እዮም

## መልሲ ናይ ዝሓለፈ ሰሙን ሕቶ ንዂብርም

1. ሀ 2. ለ 3. ለ 4. እንግሊዝን ፈረንሳን 5. ንመበል 18 ግዜኡ ኣብ ኣውስትራሊያ

# ሽልማት ኦስካር

ሽልማት ኦስካር ዓመታዊ ኣብ ናይ ፊልም ኢንዱስትሪ ንዘፈርዩ ብሉጻት ናይ ፊልም ስርሓትን ኣብቲ ስርሓት ፊልም ንዘኮጥፉ ሞያውያንን ዝወሃብ ሽልማት ኢዩ። እዚ ኣብ ሃገረ ኣመሪካ ብዝርከብ ናይ ስነጥበብን ሳይንስን ኣካዳሚ ዝወሃብ ሽልማት ኣብ 1929 እዩ ፈሊሙ። ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ 1927 ከምኡ ድማ 1928 ንዘፈረያ ናይ ፊልም ስርሓት ከወዳድር ከሎ፣ ካብኡ ንደሓር ይጸንሕ'ሞ ኣብቲ ናይ ሽልማት ዕለት ይርቋሕ።

እዚ ዓለምለኻዊ ተፈላጥነት ዘለዎ ሽልማት ኦስካር ዝብል ልሙድ መጸውዒኡ ካብቲ ንተዓወትቲ ከም ሽልማት ዝወሃብ 'ንእሽቶ ሓወልቲ' ዝብገስ እዩ። እዚ ብልሙድ ዝወሃብ መግለጺ ደኣ'ምበር ኦስካር ዝብል መጸውዒ ስም'ቲ ሽልማት መበቆሉ ካበይ ምዃኑ ዝገልጽ ንጹር መብርሂ ወይ ምኽንያት የለን። ተዓወትቲ ኦስካር ዝወሃብ ሽልማት ብወርቂ ዝረዓመ ጽሑፍ ፊልም፣ ብሉጽ ሲነማቶግራፊ፣ ብሉጽ መበቆላዊ ናይ ፊልም ዜማ (ደርፊ)ን ብሉጽ ናይ ኣኒሜሽን ፊልምን ዝብሉ ይርከቡዎም። እዞም ዝተጠቕሱ ረዚን ኩብሪ ዘወሃቦም ሽልማታት ይኹን ደኣ'ምበር ካልኦት ተወሰኽቲ መዳያት'ውን ኣካል ሽልማት ኦስካር እዮም። ኣብ ኣርትዖት፣ ኣብ ናይ ድምጽን ስእልን ወህደት፣ መረጻ ተዋሳእቲ፣ መረጻ ኣልባሳት ወዘተ.. ብሉጽነት ዘርኣዩ ወልቀ ሰብ ተኻፊልቲ ግና ዓመታዊ ኣብ ቅድሚኡ ዓመት ንዝፈረያ ፊልምታት ዳህሲሶን ኣወዳዲሩን ሕጹያት የቕርብን ይሽልምን ኣሎ። እዚ ብልሙድ ኣጸዋውዓ "ሽልማት ኦስካር" ተባሂሉ ዝግለጽ ሽልማት ኣብ ዓውዲ ኢንዱስትሪ ፊልም እቲ ዝኸበረ ሽልማት ከምዝኾነ ይንገር።



ኣብ ዕማም መረጻ እቲ ሽልማት ኩሎም ኣባላት ኣካዳሚ ስነጥበብን ሳይንስን ኣመሪካ'ዮም ዝሳተፉ። ኣብ ነፍስወከፍ ዝወሃብ ናይ ሽልማት ምድብ ድማ እንተብዝሐ ሓሙሽተ ሕጹያት ይምረጹ። ኣብ መረጻ'ዞም ሕጹያት ዝሳተፉ ኣባላት'ቲ ኣካዳሚ ድምጾም ዝህቡ ኣብቲ ዝምልከቶም ወይ ዝሳተፉሉ ዓውዲ'ቲ ሞያ ኣተኩሮም'ዮም ድምጾም ዝህቡ። እዚ ማለት፣ ኣባላት ዝኾኑ ተዋሳእቲ ኣብ መረጻ ተዋሳእቲ ጥራይ ክሳተፉ ከለዉ፣ ኣለይቲ (ዳይሬክተራት) ድማ ኣብ መረጻ ኣለይቲ ይሳተፉ። ዝኾነ ድምጹ ዝሁብ ኣባል ኣካዳሚ ድምጹ ብምስጢር'ዩ ዝህቦ። ካብዞም ሕጹያት ብሉጽ ኮይኑ ዝሸለም ድማ ክሳብ'ቲ ወግዓዊ ስነስርዓት ብምስጢር ተታሒዙ ዝተለበጠ ንእሽቶ ሓወልቲ፣ 34.3 ሴ.ሜ ቁመትን 3.9 ኪ.ግ ክብደትን ዘለዎ ኮይኑ ብኣመሪካዊ ቀራጽን ጸራብን ጆርጅ ስታንሊ ዝተዳለወ'ዩ።

ዓመት መጸ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣዳራሻት ዝዕደል ሽልማት ኦስካር ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዘተኩረሉ መዳያት እቲ ዓውዲ እናበረኸ'ዩም መጺኡም። ኣብቲ ፈለማ እዋናት ንብልጽቲ ፊልም፣ ብሉጽ ኣላዪ ፊልም፣ ንብሉጻት ተዋሳእቲ ክልቲኡ ጾታታት ከምኡ ድማ ካብ ሃገር ኣመሪካ (ወይ ሆሊዉድ) ወጻኢ ንዘፈረዩ ፊልምታት ብምሽላም'ዩ ጀሚሩ። ምስ ምዕባለ ኢንዱስትሪ ፊልም ኣመሪካን ዓለምን ግን እቲ ሽልማት'ውን ክዕብዩን ዘተኩረሎም ዓውድታት ክሰፍሑን ተራእዩም። ኣብዚ እዋን'ዚ እቲ ሽልማት ዝግደሰሎም ዓበይቲ መዳያት ክሳብ 12 ዝምብዝሑም ኮይኖም ኣለዉ። ብዘይካ'ተን ኣቐዲመን ዝተገልጻ ኣብዚ ግዜ'ዚ ሽልማት ኦስካር ዘተኩረሎም መዳያት ፊልም ኢንዱስትሪ እዞም ዝስዕቡ እዮም። ብሉጽ ተሓጋጋዚ ተዋሳኣይ፣ ብልጽቲ ተሓጋጋዚት ተዋሳኢት፣ ብሉጽ መበቆላዊ ጽሑፍ ፊልም፣ ብሉጽ ናይዚ ዓመታዊ ዝወሃብ ሽልማት እዮም።

ኣብዚ ንልዕሊ 86 ዓመታት ዘቑጸረ ሽልማት፣ ብሉጻት ተዋሳእቲ ተባሂሎም ዝተሸለሙ ጸለምትን ጸሊም መበቆል ዘለዎም ስነጥበባውያን ብኣጻብዕቲ ዝቑጸሩ እዮም። በዚ መንጽር ክረኣይ ከሎ፣ ህቡብ ሽልማት ኦስካር ዓሌታዊ ኣድልዎ ዝረኣዮ ከምዝኾነ ይውቀስ። ብዘይካ'ዚ እውን ኣብ ዝተፈላለዩ ግዜያት ብሉጽ ብቕዓቶም ዘንጸባረቑ ግን ከኣ ስርሓቶም ወቓሳዊ መልእኽቲ ብምትሕልላፉ እቲ ሽልማት ዝግብኦም ክነሱ ከይተወሃቦም ተሪፎም እዮም። እዚ ድማ ሓደ ካብ ድኽመታት'ዚ ረዚን ስነጥበባዊ ሽልማት ኮይኑ ይግለጽ። ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ሽልማት ኦስካር ኣብ ዝርዝር ሕጹያት ንብሉጽ ፊልም ካብ ዝኣተዋ ስርሓት ፊልም ንምጥቃስ፣ ኣመሪካን ስናይፐር፣ በርድ ማን፣ ቦይሁድን ሰልማንን ዝብላ ይርከባኦን። ኣብ ስርሓት ናይ ወጻኢ ፊልምታት ድማ ናይ ሃገራት ፖላንድ፣ ሩሲያ፣ ኢስቶኒያ፣ ማውሪታኒያን ኣርጀንቲናን ፊልምታት ንሽልማት ኦስካር ዝተሓጸያ እየን።

# ካብ ዝግት

ዓንዶም ጸጋይ

## ምህዞ ክርቢትን ሰፈር ክርቢትን




ክርቢት ኣብ 1826 ብወዘቢ'ያ ተማሂዙ። እንግሊዛዊ ተመራማሪ ስነቀመም ጆን ዎከር ኣብ ሓደ ኢጋጣሚ ፖታሽን ኣንቲሞኒን ዝበሃሉ ቀመማት ብዕንጨይቲ የዳውብ ነበረ። ነቲ ኣብ ጫፍ ዕንጨይቲ ዝበረ ዕንኳር ክፅግ ናብ መንደቕ ምስ ኢጋጨዎ ከኣ ንእሉቱ ባርዕ ተፈጢሩ። ኣብዚ እዋን'ዚ ድማ'ዩ ጆን ዎከር ብዘጋጠሞ ኩነታት ከይተዳህለ ክርቢት ክፃዘመዝ ዝተገዝዘቡ። ኣብ ውሽጢ ዓመት ናይ ምህዞኡ ከኣ ዎከር ብዙሕ ክርቢት ክሸይጥ በቒዑ። ጆን ፈለማ ብቐላጥ ካርቶን'ዩ መትሓዚ ዝሰርሓሉ ነይሩ፣ ደሓር ግን ብቐሊሉ ክዕጾፍ ምስ ኣስተብሃለሉ ሓሳቡ ብምቕያር ብቑርጽራጽ ዕንጸይቲ ተኪእዎ።

ኣብ 1855 ሽወደናዊ የሃን ላንድስትሮም ዝሓሸ ውሕስነት ዘለዎ ክርቢት ምሂዙ። እቲ ናይ የሃን ክርቢት ካብቲ ናይ ጆን ዎከር ዝፈልዮ ብልጫኡ፣ ዘይከም ናይ ዎከር ኣብ ፍሉይ ቦታ ምስ ዝፋሕፋሕ ጥራይ ሓዊ ዝፈጥር ምንባሩ'ዩ።

ክርቢት ተማሂዙ ኣብ ኣገልግሎት ይውዓልን ንጥፈታት ደቂሰብ የቃልልን'ምበር፣ ኣብቲ ፈለማ እዋን ዝበረ መትሓዚ ክርቢት ዓቢ ሳንዱቕ ብምንባሩ ንምትሕዛዙ ኣጸጋሚ'ዩ ነይሩ። በዚ ሽግር ዝተጸለወ ኣመሪካዊ ሚስተር ጆሽዋ ፑዚ ድማ ሓደ ትልሚ ኣውጺኡ፡ እቲ ህቡብ ጠበቓ መትሓዚ ክርቢት ፈኲሰን ንእሽቶይን ክኸውን ከምዝለዎ ብምግንዛብ፡ "ስለምንታይ መትሓዚ ክርቢት ኣብ ክንዲ ብዕንጸይቲ ብወረቐት ዘይስራሕ?" ብምባል፡ ነቲ ሓሳቡ ኣብ ሓጺር ግዜ ናብ ተግባር ቀይሩዎ። ወላ'ኳ ንምህዞኡ ኣብ 1889 ፍቓድ እንተውጽኣሉ፡ ክሳብ ንሸሞንተ ዓመት ብምህዞኡ ዝግደስ ኣካል ኣይተረኽበን። ኣብ መወዳእታ ግን ህዝቢ ብዝዕባ ሰፈር ክርቢት ክግደሰን ክሳብ ንጠሉብ ህዝቢ ምዕጋብ ዘሸኣን ኩነታት ክኽሰትን ተራእዩ። እቲ ህቡብ ጠበቓ ዝበረ ጆሹዋ ፑዚ ድማ "እቲ ክርቢት ሰብኣይ" ተባሂሉ ኣብ መላእ ኣመሪካ ተፈሊጡ።

## ያታዊ ምስሊታት ትግርኛ

- ቱፍ እንተበልካ ኣብ ጭሕምኻ።
- ተሸፊናም ይኸዱ ተቐሊያም ደብልዑ።
- ተፋትዮም ይዋሰቡ ምናልባት ኢሎም ድማ ዋሕስ ይተኽሉ።
- ተዛረብለይ ኣይከም ኣፍካን ኣኽምስየለይ ኣይከም ኢድካን።
- ተመን'ሲ ምእንቲ ኾብዱ ይኸይድ ብኾብዱ።
- ሓትኖ ትቐሉ ግና ንወዳ ተዳሉ።
- ሓንካስ ጫቑት ንሹኣ ዓብዩ ጓል ንምስሉ።

ካብ መጽሓፍ ምስሊታት ትግርኛ

## ዘይርጉእ ጠባያት

ንግሆ ተንስእካ ብዘይፈለጥካዮ ምኽንያት ቀጨውጨው የብለካዶ? ኦረ ሓንሳብ'ሲ ክሳብ ዝረፍደውን ገለ እተጸሞካ ኮይኑ ይስመዓካ። ብቐሊሉ ትሓርቕ፡ ትኹራ፡ ነገራት ካብ ባዶ ኣልዒልካ ትኣቀፍ ኮታስ ጸቡቕ ስምዒት ኣይስመዓካን። ብኣንጻሩ ድማ ኣብ ካልእ ግዜ፡ ዝረኸብካ ዘይብልካ ወሽጥኻ ብሓጎስ ክሰራሰርን ምስ ሰባት ክትጻወት፡ ክትስሕቐን ክትዘናጋዕን ትደሊ። ኣዝዮም ዘኹብዱኻ ዝበሩ ሰባት'ኳ ከይተረፉ ቅረቦም ይመጽኣካ። ተለዋዋጢ ስምዒት!

ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ተለዋወጢ ስምዒት መንቀሊኦም ጭቡጥን ንጹርን ኣይኮነን። እቶም ምኽንያት በበይናምን ዝተሓላለኹን ክኾኑ ይኽእሉ። ገለ እዋን ካብ ስእነት ድቃስን ወጥርን ክበገሱን ካልእ እዋን ድማ ጥዕና ምስ ምስኣን ተኣሳሲሩ ይኽሰት። ኮይኑ ግን እዞም ስምዒት ብዘየኾነ ምኽንያት ይምጽኡ፣ ኣሸገርቲ ከምዘየኾኑ ይፍለጡ። ደቂሰብ ኣብቲ ጸቡቕ እንበሎ ጠባይና ጸኒዕና ክንነብር ኢና ንደሊ። እንተኾነ ግን እዞም ተለዋወጥቲ ስምዒት (moods) ኣይፈቕዱልናን እዮም። ብሰንኪ'ዞም ለውጢ፡ ገዛእ ርእስና'ውን ከይተረፈ ንዖና እትገርመና ግዜ ኣሎ።

መዓልታዊ ዘጋጥሙና ኩነታት ኣብ ስምዒትና ዘይነኣቕ ጽልዋ ከምዘለዎም ክዘንጋዕ ዘይብሉ ረቛሒ እዩ። ንኣብነት ሓደ ኣብ ገዛኡ ተባኢሱ ናብ ስራሕ ዝኸደ ሰብ፡ ኣብ ስርሑ ምስ ሰባት ክስሕቕን ክረዳዳእን የሸግሮ ይኸውን። ብዘይካ'ዚ ኩነታት ጥዕናና'ውን ኣብ ስምዒትና ጽልዋ



ኣለዎ። ጥዕና ምስ ትስእን ትጉሂ፡ ብዥሂ ድማ ንሕማምካ ተጋድዶ። ምስ ስምዒት ተተሓሓዚም ዝመጹ ለውጥታት ስወራት ካብ ምኳናም እተሳዕሉ እቲ ሰብ ከስተብህለሉም የሸግሮ እዩ። ግርጭት መብዛሕትኡ እዋን ኣብ ጆቕጢ ስምዒት ከለኻ'የም ዝለዓሉ። ንስምዒትና ብዝየገበእ ምስትብሃል ድማ ካብ ካልእ ተደራረቢ ሽግር ክኣልየና ይኽእል።

ዝ ኢታውን ወጻእን ባህርይ ንምእላይ ቀሊል መፍትሒ ኣሎ ኢልካ ክግለጽ ኣይከኣልን'ዩ። ይኹን እምበር ገለ ዝጠቕሙ ስጉምቲ ንምሕባር ግና፡ ንዘየጥመና ሽግራት ተፈላጥነት ምሃብ፡ ብድሕሪኡ ድማ ኣኽቢድካ ዘይምርኣይን ዝኣመሰሉ እዮም። ካብ ኮፍ ኢልና ብዛዕባ ስምዒትካ ምሕሳብ፡ ኣብ ዓለም ዝበዘሑ ዕዮታት ከምዝለዉ ዘኪርና ኣብ ንጥፈት ምትኳር ይሓይሽ። ጸቡቕ ስምዒት ከይተሰመዓካ ኣብ ስራሕ ክትጎጥፍ የሸግር'ኳ እንተኾነ፡ ንኣሽቱ ዕዉት ንጥፈት ንስምዒትና ክብ ከብሉን ኣብ ካልእ ዋጊን ከተካር ዝሕግዙን ብምኳናም ንዘስመዓና ስምዒት ጽምም ኢልና ክንጅምሮም ይምረጽ።

## መናቱ ግምባታት

መናቱ ግምቢ (twin towers) ክንሰምዕ ከለና እተን ኣብ 11 መስከረም 2001 ብጉበረሽበራዊ ሓደጋ ፍጹም ዝዓነዋ ኣብ ከተማ ኒውዮርክ ዝርከብ ዝበራ መናቱ ህንጻታት'የን ዝቐጀላና። ስመን ከምዝሕብሮ ድማ እተን ህንጻታት ካብ ሓድሕደን ፍጹም ፍልልይ ዘይብለን እየን። ይኹን እምበር ኣብ ዓለም "መናቱ ግምቢ" ተባሂለን ዝጽወዓ ህንጻታት እተን ኣብ ኒውዮርክ ዝበራ ጥራይ ኣይኮናን። ኣብ ዝተፈላለዩ ኩርንዓት ዓለም ብዝተፈላለዩ ቅድታት ህንጻ ዝተቓየሳ ወጽኢት ዘመናዊ ቅዲ ስነህንጻ ዝኾና መናቱ ግምባታት ኣለዋ። ሓንቲ ካብኣተን ኣብ እስራኤል ከተማ ራማት ጋን ትርከብ ህንጻ እያ።

እዘን ኣብ 1991 ክህነጻ ዝጀመራን ድሕሪ 3 ዓመት ዝተዛዘማን መናቱ ህንጻታት፡ "ያሰኪ ሲቫን" ብዝተባህለ ንድፊ ህንጻታት ዘዳሉን ዝገንጸን እስራኤላዊ ኩባንያ'የን ተሃኒጸን።



ንንድፊ እተን ህንጻታት ዘማዕበለን ዘዳለወ ክኢላ ስነህንጻ ድማ ሚሴድ ኣሊካዚ ዝተባህለ መሃንድስ እዩ። መናቱ ግምቢ ራማትጋን ንምህናጸን ልዕሊ 30 ሚልዮን ዶላር ኣመሪካ ኣድልዩ። ኣብ ኣሰታት 26 ሽሕ ትርብዒት ሜትር ዝስፍሓቱ መሬት ክደኮና ከለዋ፡ ነፍስወከፈን 14 ደርብታት የጠቓልላ። መጠን ንውሓት ናይቲ ዝነውሐ ደርቢ 56.3 ሜትሮ ኮይኑ፡ ኣብ ውሽጢ ነፍስወከፍ ህንጻ 6 መበጻጽሒ(lift) ኣለዋ። እተን ህንጻታት ተደኩነናሉ ዘሎ ቦታ ኣቐዲሙ ፋብሪካ ካራሜላ ዝበሮ bኣውፊርቲ ዝውሃን ዝበረ ኮይኑ፡ ኣብ 1989 ብሃብታማት ሰብውፍሪ ብ6 ሚልዮን ዶላር ተዓዲጉ። ህንጸት 'ተን መናቱ ግምቢ ወላ'ኳ ኣብ 1994 እንተተዛዘመ ብወግዒ ዝተመረቓሉ ግን ኣብ 1995 እዩ።

መናቱ ግምቢ ራማትጋን እቲ ግዳማዊ ክፋለን ብቤትሮታት ዝጌጸ ኮይኑ፡ ናይ ትሕቲ መሬት መዕሸጊ መኪይን ቦታ'ውን ይርከበን። ብዘይካ'ዚ ነፍስወከፍ ህንጻ ከክልተ መእተዊ ኣፍደገ ክህልወን ከሎ፡ ኣብ መንጎ'ተን ክልተ መናቱ ህንጻታት ድማ ንእሽቶይ ቀላይ (ራህያ) ዘማእከሎ መፈላለዩ ይርከብ።

## ኣብ ዓለም ...

| | |
|---|---|
| ዝዓበየ ቤት ንቡብ | ሃገራዊ ቤት ንባብ ኬቭ (ሞስኮ)ን ቤት ንባብ ኮንግረስ (ዋሺንግቶን) |
| ዝደመቐት ኮኾብ | ኮኾብ ሲሩስ 'ኤ' |
| ዝለዓለ ሙቐት ዝርከቦ ቦታ | ኣል ኣዚዚያ (ሊብያ) |
| ዝዓሞቐ ዉቕያኖስ | ሰላማዊ ዉቕያኖስ |
| ዝገፍሐ ወሽመጥ | ወሽመጥ ሜክሲኮ |
| ዝቐልጠፈት ዑፍ | ሰዊፍት (ለኳኹቶ ዓይነት ዑፍ) |
| ዝዓበየት ሃገር | ሩስያ |
| ዝነኣሰት ሃገር | ቫቲካን |
| ዝገፍሐ መካነ መቓብር | ለኒን ጋርድ (ሩስያ) |

## ጥቕሲታት መጽሓፍ

"ካብ ሕሩጭ ዝተሰርሐ ሕብስቲ ጸቡቕ'ዩ። እንተኾነ ከም ወለላ ዝመቐረቱ ካልእ ዓይነት ሕብስቲ'ውን ኣሎ- ጸቡቕ መጽሓፍ"

ጆን ሩስኪን

"ጸቡቓት መጽሓፍቲ፡ ሓቀኛ መሓዙት እዮም፣ ኣይራሕሙዩ፡ ኣየጸልሙ!"

ፍራንሲስ ቤከን

"መጽሓፍቲ ዘይብሉ ገዛ ከም መስኮት ዘይብሉ ክፍሊ'ዩ!"

ሄንሪቾ ማን

"ኣብዚ ዘለናዮ እዋን እቲ ሓቀኛ ዩንቨርሲቲ እኩብ መጽሓፍቲ'ዩ!"

ቶማስ ካርሊ

"መጽሕፍቲ፡ ፈውሲ መንፈስ ደቂሰብ!"

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል
ergh@zena.gov.er




## ተኽለማርያም ኣይተኻእለን

ብቕድሚ ትማሊ ኣብ እስጳኛ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ጉያ መሮር 33rd Cross Internacional de Italica ኤርትራዊ ኣትለት ተኽለማርያም መድሕን ዕውት ምኳኑ መርበብ ሓበሬታ ያፍ ኣፍሊጡ።

ኣብቲ ዝናብ፡ ወርጪን ኣስታት 60 ኪሎሜተር ኣብ ሰዓት ዝሕንበብ ንፋስን ዝነበሮ ዕለት፡ ተዓዋቲ ነሓስ መዳልያ ጉያ መሮር ዓለም ዝኾነ ተኽለማርያም ነቲ ውድድር ዝተዓወተ ናይ መጀመርታ ኤርትራዊ ኣትለት ኮይኑ ኣሎ። ተኽለማርያም ንዝበዝሖ ናይቲ ርሕቀት (10.8 ኪሎሜተር እዩ እቲ ውድድር) ብኣንክሮ ኣብ መንጎ ሓሙሽተ ኣትለታት ብምኳን እዩ ሸፊንዎ። ምቹእ ዝኾነ ቦታ ብምሓዝ ኣብ መንጎ ኡጋንዳውያን ቼፕቴጌን ቲሞቲን፤ ከምኡ ድማ ኬንያውያን ቢረቺን ታኑይን ዝሓዘ ተኽለማርያም፡ ኣብ መወዳእታ 850 ሜተር ግና ናህሩ ብምዝያድ ቀዲሙ መዛዘሚ ሕንጻጽ ክረግጽ ከምዝኽኣለ እቲ መርበብ ሓበሬታ ወሲኹ ኣረዲኡ።

ተኽለማርያም ነቲ ርሕቀት ብ32፡27 ደቓይቕ ክፍጽሞ እንከሎ፡ ቢረቺ - ኬንያ ብ32፡38፡ ቲሞቲ - ኡጋንዳ ብ32፡49 ድማ ካልኣይን ሳልሳይን ኮይኖም ኣብ መዳልያ ደይቦም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ፈረንሳ ኣብ ዝተኣንገደ ውድድር ጉያ መሮር፡ ናዝሬት ወልዱ ካልኣይቲ ኮይና ምዝዛማ ተፈሊጡ።

## ዙር ምስሪ ተካዪዱ

ካብ 14 ክሳብ 18 ጥሪ 2015 ኣብ ምስሪ ክካየድ ዝቐነየ ኣህጉራዊ ቅድድም ብሽክለታ ዙር ምስሪ፡ ብዓወት እስጳኛዊ ፍራንቺስኮ ማንቼቦ ምዝዛሙ ተፈሊጡ።

ማንቼቦ ነቲ ውድድር ብ14 ሰዓት፡ 57 ደቓይቕን 25 ካልኢታትን ብምፍጻም ወናኒ ብጫ ናይ ክብሪ ማልያ ክኸውን እንከሎ፡ ንሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ካብ ዝወከሉ ዝሓሸ ሰዓታት ዘመዝገበ፡ ሜሮን ኣብርሃም ካብ ማንቼቦ ብ6 ደቓይቕን 20 ካልኢታትን ድሒሩ መበል 12 ደረጃ ሒዙ። ብጀካ'ዚ ሜሮን፡ ኣብ ናይ መንእሰያት ውድድር ከኣ፡ ካብ ተዓዋቲ ሞሮካዊ ዓብድያ ኣናስ ብ1 ደቒቕን 57 ካልኢትን ድሒሩ ካልኣይ ተሰሪዑ። ብደረጃ ጋንታ፡ ስካይ-ዳይቭ ዱባይ ቀዳመይቲ ክትኸውን እንከላ፡ ሞሮኮን ኣልጀርያን ድማ ካልኣይ ሳልሳይን ተርታ ሒዘን። ኤርትራ ከኣ ሓሙሽይቲ ወጺኣ።

## ፖግባ . . .

ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ዓንተር ማእከል ሜዳ ክኸውን ብብዙሓት ሰዓብቲን ኣካየድትን ተንተንትን ጸወታ ኵዕሶ እግሪ ልዑል ትጽቢት ተገይሩሉ ዘሎ ፈረንሳዊ ፖል ፖግባ እዩ። ፖግባ ኪኖ ምቁጽጻር ማእከል ሜዳ ሸቶታት ኣብ ምምዝጋብ'ውን ወሓለ ምኳኑ ብግብሪ ዘንጸባርቐ ዘሎ ተጻዋታይ እዩ።

እዚ ወዲ 21 ዓመት ፈረንሳዊ ኣብ ክልተ ሰሙን ክልተ ሸቶታት ንጋንታኡ ከመዝግብ ብምኽኣሉ ጥራይ ዘይኮነ፡ እተን ሸቶታት'ውን ብሉጻት ብምኳነን ኣብዚ ሕጂ እዋን ልዑል ኣድናቖት ረኺቡ ኣሎ።

በዚን ካልእን ድማ ንኩነታትን ዕቤትን እዚ ተጻዋታይ ብኣንክሮ ዝከታተላ ዘለዋ ዓበይቲ ጋንታታት ዓለምና ኣድላዪን ይጽበያ ከም ዘለዋ ኣብ ዝሓለፈ እዋናት ወኪሉ የረድኡ።

ኣብዚ መስርሕ እዚ ልዑል ኣተኩሮ ጌራ ዘላ ድማ እስጳኛዊት ሪያል ማድሪድ እያ። ምስ ዕቤት እቲ ተጻዋታይን ዘርእዮ ዘሎ ብቕዓትን ዋጋኡ ይድይብ ስለ ዘሎ ጁቬንቱስ ኣብ ሓጺር እዋን ናይ ምሻጡ መደብ ከምዘይብላ ይንገር። እንተኾነ እቲ ተጻዋታይ ትማሊ ሰንበት ጋንታኡ ንሂላስ ቬሮና 4ብ0 ድሕሪ ምስዓራ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ "ዝተባህለ እንተተባህለ ካብ ናይ ኵዕሶ እግሪ መገደይ ኣይእለን እየ። ኣነ ኣብቲ ዝብጻሕ ኣይብጻሕኩን። ኣእምሮይ ኣብ ምምዕባል ክእለተይ እምበር ኣብ ካልእ የለን" ኢሉ።

ዕውት ባሉን ዲ ኦር ናይ ምኳን ባህጊ ዘለዎ ፖግባ፡ ነዚ ክውን ንምግባር ግን ብዙሕ ስራሕ ይጽበዮ ከም ዘሎ ኣይሓብአን። ብዛዕባ እዚ ጉዳይ እዚ ኣሰልጣኒ ጁቬንቱስ ማሲሞ ኣለግሪ ብወገኑ ኑቲ መንእሰይ ኣከፋፋሊ ከም ምኩርን ብቑዕን ተጻዋታይ ከም ዝርእይዎ ገሊጹ።

## ሽልማት ባሎን ዲ ኦር 2014 . . .

ፊፋ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ሽልማት ባሉን ዲ ኦር ኣብ ዝዓደለሉ፡ ናይ 2014 ብልጽቲ ጋንታ'ውን ሸሊሙ ምንባሩ ኣይርሳዕን። ዕውታት ተጻወቲ ብድምጺ መጻወቶም ኣሊዮቶምን ዝተመርጹ እኳ እንተኾኑ፡ እቲ ውጽኢት ግን ብብዙሓት ወገናት ተቐባልነት ኣይረኸበን።

ዝበዝሑ ተንተንቲ ኵዕሶ እግሪ፡ ንብራዚልያውያን ተኸላኸልቲ ዴቪድ ሉዊዝን ቲያጎ ሲልቫን ዝተዋህበ ሽልማት የኣትዮም ኣሎ። ኣብታ ናይ ሕልሚ ጋንታ ክኣቱ ይግባእ ነይሩ ተባሂሉ ዝምስከረሉ ድማ ኡራጓያዊ ተኸላኻሊ እስጳኛዊት ክለብ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ዲየጎ ጎዲን እዩ። ዲየጎ ጎዲን ጋንታኡ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ዝሓለፈ ዓመት ተዓዋቲት ላሊጋ ክትከውን፡ ኣብ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ ክሳብ ፍጻመ ክትበጽሕን ልዑል ኣበርክቶ ካብ ዝገበሩ ተጻወቲ ኣብ ቅድሚት ይስራዕ።

ብተወሳኺ ሃገራዊት ጋንታኡ ብኮሎምቢያ ኣብ ናይ ርብዒ ፍጻመ ዋንጫ ዓለም 2014 ተሳዒራ ክሳብ እትወጽእ መሰረት መስመር ምክልኻል እታ ሃገራዊት ጋንታ ኮይኑዩ ንዝሓለፈ ዓመት ስፖርት ዛዚምዎ። ነዚን ካልእን ረቛሒታት ኣብ ግምት ዘእተው ተንተንቲ ድማ እዮም "ብፍላይ ካብ ዴቪድ ሉዊስ ምሉእ ብምሉእ ዲየጎ ጎዲን ይሕይል ነይሩ" ብምባል ዝምጕቱ ዘለው። እዮም ተንተንቲ ዘይተዋሕሎም ዘሎ ጉዳይ ድማ ዴቪድ ሉዊስ ካብ መጻወቱ ብዝረኸቦ ድምጺ ምስ ብሉጻት 11 ምእታው እዩ።

"ፕሮፌሽናል ተጻወትቲ፡ ኣብ ጉዝኦም ብዘለዋ ዘመናውያን ተለቪዥናት ተሓጊዞም ነዚ ሓቂ እዚ ክርእዩን ክመምዩን ዘይክእሉ እንተደኣ ኮይኖም ሓዘንና ወሰን የብሉን" ዝበሉ እውን ኣይተሳእኑን።

ብ50 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ፒኤስጂ ድሕሪ ምግዓዙ ኣብ ዝነበሩ መዓልታት፡ ሃገራዊት ጋንታኡ ናይ 7ብ1 ታሪኻዊ ዘሕዝን ስዕረት ክትቅምስ እንከላ፡ ዲያጎ ጎዲንን ሃገራዊት ጋንታኡን ግን ብታሪኻዊ ውጽኢታት ተደሪዖም እዮም ንዓመተ 2014 ተፋንዮማ።

ኣሰልጣኒ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ዲየጎ ሲሞኒ ብወገኑ "እዚ ጌጋ እዚ ድሕሪ ሕጂ ክድገም ስለ ዘይብሉ፡ ፕሮፌሽናል ተጻወትቲ ኣብ ምርጫኦም ክጥንቀቑ ይግባእ" ኢሉ።

## "ሮናልዶ ምስ ዓርከ ተፈላልዩ"

ንኣርባዕተ ዓመታት ብፍቕራዊ ዕርክነት ምስ ተዓዋቲ ሽልማት ፊፋ ባሎን ዲ'ኦር 2014 ፖርቱጋላዊ ክርስትያኖ ሮናልዶ ዝጸንሐት ጓል 29 ዓመት ሩስያዊት ሞዴሊስት ኢሪና ሻይክ፡ ምስ ኣፍቃሪኣ ከም ዝተፈላለየት ይግለጽ ኣሎ።

ቅድሚ ሳልስቲ፡ ወሃቢ ቃል ናይ'ታ ሞዴሊስት፡ "ኢሪና ሻይኽ፡ ኣብ ጽንብል ምዕዳል ሽልማት ፊፋ ባሎን ዲ'ኦር ዘይተረኸበት ብምኽንያት ጻዕቒ ስራሕ እምበር፡ ምስ ሮናልዶ ስለ ዝተፈላለየት ኣይኮነትን" ብምባል፡ ነዚ ናይ ምፍልላይ ዜና ነጺግዎ'ኳ እንተነበረ፡ ሕጂ ግን፡ ካልእ ወኪላ ነቲ ጉዳይ ተኣሚኑሉ ምህላው ጋዜጣታት ፖርቱጋል ይገልጻ ኣለዋ።

ካብ ፖርቱጋል ዝወጽእ ዘሎ ሓበሬታታት ከም ዘመልክቶ፡ ምኽንያት መፈላለይኦም፡ ኢሪና ሻይኽ፡ ኣብ ድሮ ሓድሽ ዓመት ኣብ ዝተኸበረ መበል 60 ዕለተ ልደት ወላዲት ሮናልዶ ብዘይምክፋላ ምኳኑ ይግለጽ። ኢሪናን ኣዲኡ ንሮናልዶን፡ ዘይምስምማዕ ከምዝጸንሐን ዝሓበረ እቲ ምንጪ ይውስኽ።

## ጓርድዮላ ንመሲ መኺሩ

መጻኢ ናይቲ ኣርባዕተ ግዜ ኮኾብ ተጻዋታይ ኵዕሶ እግሪ ዓለም ተባሂሉ ዝተሸለመ ኣርጀንቲናዊ ሊዮነል መሲ ገና ከም ዘይተፈልጠ ማዕከናት ዜና ይገልጻ ኣለዋ። ኣሰልጣኒ ባርሴሎና ዝነበረ ናይ ሕጂ ኣሰልጣኒ ጀርመናዊት ባየር ሙኒክ ዘሎ ፐፕ ጓርዲዮላ ግና መሲ ካብ ባርሴሎና ኪወጽእ ከም ዘይብሉ ምኽሩ ወስ ኣቢሉ ኣሎ።

ምስ ባርሴሎና ቅርበት ዘለዎም ወገናት ከም ዝገልጽዎ፡ መሲ ካብ ጋንታኡ ክወጽእ ዝደናደነሉ ዘሎ ምኽንያት ምስ ኣሰልጣኒኡ ሉዊስ ኤንሪኬ ብሰንኪ ዘለዎ ሓርፋፍ ዝምድና ምኳኑ ይግለጹ። ኣብ ዝሓለፈ እዋናት ብዙሓት ሰበስልጣን ባርሴሎና እቲ ተጻዋታይ ካብታ ጋንታ ከም ዘይወጽእ እኳ እንተገለጹ፡ መሲ ግና ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ቅድሚ ጋዜጠኛታት ቀሪቡ ዝመጽእ ዓመት ኣበይን ምስ መንን ከም ዝጻወት ጌና ከም ዘይወሰነ ድሕሪ ምሕባሩ ነቲ ጉዳይ ነዳዲ ተወሲኽዎ ኣሎ።

ነዚ ኣብ ግምት ዘእተወ ፐፕ ጓርዲዮላ ድማ መሲ ኣብ ሉዊስ ኤንሪኬ እምነት ከሕድርን ብዓቕሊ ጸወታኡ ከካይድን እዩ ምዕዶኡ ኣመሓላሊፉ።

"መሲ ንባርሴሎና፡ እታ ጋንታ ድማ ንዕኡ ዝገበሩሎም ኣበርክቶ ክዘከር ዘለዎ እመስለኒም። ኣብዚ እዋን'ዚ ኩሎም ኣካላት ባርሴሎና ኣብ ጎኒ መሲ ከም ዘለው ዘጠራጥር ኣይኮነን። እዚ ዓይነት ኣኽብሮት ድማ መሲ ናብ ዝኾነት ካልእ ክለብ ተሰጋጊሩ ክረኽቦ ዝኽእል ከም ዘይኮነ በዚ ኣጋጣሚ ክገልጽ እፈቱ" ብምባል ጓርድዮላ ምኽሩ ወስ ኣቢሉ።

መሲን ጓርዲዮላን ብሓባር ክልተ ዋንጩ ላሊጋ፡ ክልተ ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ክልተ ዋንጫ ሻምፕዮን ዓለም ዝዓተሩ ስለ ዝኾኑ ኣብ መንጎኦም ሓያል ዝምድና ከም ዘሎ ይግለጽ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ህሉዊ ኣሰልጣኒ ባርሴሎና ልዊስ ኤንሪኬ ዝሓለፈ ሰንበት ጋንታኡ ንዲፖርቲቮ፡ ብናይ መሲ ሃትሪክ ተሓጊዛ 4ብ0 ድሕሪ ምዕዋታ ንጋዘጤኛታት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ መሲ ኣንጻር ኩሊ መሰናኽላት ስሩዕ ጸወታኡ ብዘይጸገም የሰላስል ከም ዘሎ ተዛሪቡ።

** ** **

## ሀንሪ ብመስመር ምክልኻል ኣርሰናል ተሻቒሉ

ምስ እንግሊዛዊት ክለብ ኣርሰናል ኮይኑ ክልተ ግዜ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ዘልዓለ ፈረንሳዊ ቴሪ ሀንሪ፡ ናይ ቅድም ጋንታኡ ዋላ'ኳ ኣንጻር ማንቸስተር ሲቲ ገጢማ 2ብ0 እንተተዓወተት፡ ኣብ መስመር ምክልኻል ግን ሓያል ስራሕ ይጽበያ ከም ዘሎ ተዛሪቡ።

ኣብ ድሕሪት መስመር ምክልኻል ኣርሰናል ዘለው መተሳከርን ኮሸንሊኒን ብቑዓት ተጻወትቲ ምኳኖም ዝገለጸ ሀንሪ፡ ኣብ ቅድሚኦም ኮይኑ ዝሕግዞም ብቑዕ እናተኸላኸለ ዘከፋፍል ተጻዋታይ ግን ከም ዝስኣኑ ይገልጽ።

ንኣበርክቶ ፓትሪክ ቬራን ጂልቤርቶ ሲልቫን ኣብታ ንሱ ዝነበራ ኣርሰናል ዝዘከረ ሀንሪ፡ እዞም ክልተ ኣከፋፈልቲ ምስጢር ስጡምነት መስመር ምክልኻል ኣርሰናል ምንባሮም ተዛሪቡ። "ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ነዚ ናይ ኣርሰናል ጸገም ክፍውስ ዝኽእል እቲ ብልቓሕ ካብ ባርሴሎና ናብ ዌስትሃም ዝተሰጋገረ ካሜሩናዊ ኣሌክስ ሶንግ እዩ" ክብል ሀንሪ ምኽሩ ለጊሱ።

ሀንሪ ኣብዚ ሕጂ እዋን ጫማኡ ብምስቃል ኣብ መደበር ተለቪዥን ስካይ ርእይቶኡ ኣብ ምሃብ (ኮመንታተር) ይዓዪ ኣሎ።

ብኣንጻሩ ሓይለ ማዕከናት ዜና፡ ማንቸስተር ሲቲ ብሰንኪ ድኽመት መምስመር ምክልኻላ ምሉእ ነጥቢ ከተጥፍእ ከምዝተገደደት ኣረዲአን።



# ዜና ሰላም

ብርሃነ ምሕረትኣብ

## “ፍርቂ ሃብቲ ዓለምና ብውልቀሰባት ይግዛእ” ኦክስፋም

ኣብ ዓለምና ዝርከቡ ሃብታማት ውልቀ-ሰባት ኣብ 2016 ንልዕሊ ፍርቂ ሃብቲ ናይዛ ምድሪ ክቆጻጸርዎ ምዃኖም ኣህጉራዊ ትካል ኦክስፋም ኣፍሊጡ፡፡

እቲ ትካል ኣብ ዘርገሖ ሓበሬታ፡ ካብ ጠቕላላ ብዝሒ ዓለም ሓደ ሚእታዊት ጥራይ ዝኾኑ ኣዝዮም ሃብታማት ውልቀ-ሰባት፡ ንልዕሊ ፍርቂ ናይ ዓለምና ጸጋታት ክዉንቡዎ በዚ መሰረት ድማ ኣብ ፖለሲታት ኣህጉራዊ ንግድን ቁጠባን ዘለዓለ ጽልዋ ከምዝህልዎም ኣረዲኡ፡፡

ኣብ ዓለም ኣብ መንጎ ሃብታማትን ድኻታትን ዘሎ ፍልልይ ልዕሊ ዝኾነ እዋን እናገፍሐ ምምጽኡን በዚ ዘለዎ እንተቐጺሉ ረብሓን ድምጽን ህዝቢ ዓለም ተዓፊኑ ከምዝተርፍን እቲ ትካል ኣጠንቂቑ፡፡

ብመሰረት ጸብጻብ ኦክስፋም፡ ኣብ ዓለም ካብ ሓደ ሚልዮን ዶላር ርእሱማል ንላዕሊ ዝውንኑ ሃብታማት ውልቀ-ሰባት ብዝሓም ካብ ሰሰ ሚልዮን ዘይበዝሑ’ኳ እንተኾኑ፡ ዝመጽእ ዓመት ደምር ዝውንንዎ ሃብቲ ካብቲ ናይ ዝተረፈ 99 ሚእታዊት ህዝቢ ዓለም ዝበዝሕ ክኸውን’ዩ፡፡

ኣብ ሃብቲ ናይቶም 400 ዝኾኑ



ዝሃብተሙ ውልቀሰባት፡ ዝሓለፈ ዓመት ጥራይ ናይ 92 ቢልዮን ዶላር ወሰኽ ተራእዩ’ሎ፡፡ ዝመጽእ ዓመት’ውን እቲ ወሰን ብዝያዳ ከምዝወሰኽ’የም ክኢላታት ኦክስፋም ዝትንብዩ፡፡

ሓደ ሚእታዊት ካብ ብዝሒ ዓለም ዝኾኑ ሰብ ገዚፍ ርእሱማል፡ ዘለዎም ሃብቲ ንነፍሲ ወከፎም ክምቀል እንተሎ፡ ኣብ 2014 ንሓደ ሰብ ብጾምጋም 2.7 ሚልዮን ዶላር ደብጽሕ ነይሩ፡፡ ኣብዚ እዋን’ዚ እቲ ምቕሊት ብ50 ሚእታዊት ክብ ከምዝበለ’የም ቁጠባውያን ጸብጻባት ዘጽንዑ፡፡

ኣብ ዓለም ኣብ መንጎ ሐደት ሃብታማትን ሰፊሕ ህዝቢ ዓለምን ዝረአ ዘሎ ናይ ኣታዊታት ፍልልይ ብዘተዓጻጸፈ መጠን እናወሰኸ ብምምጽኡ፡ ጠንቂ ዘይምርግጋእ ዓለም ክኸውን ከምዝኽእል’የም ክኢላታት ዘጠንቅቑ፡፡

እዚ ኣብ መንጎ ሐደት ሃብታማትን ዝበዝሐ ህዝብን ዝፍሕ ዘሎ ቁጠባዊ ጋፕ፡ ኣብ 2013 ኣብ ሓያሎ ከተማታት ኣመሪካን ኤውሮጳን “ኦኩፓይ ዎል ስትሪት” ብዝብል ጭርሖ ሰፊሕ ናይ ተቓውሞ ሰልፍታት ኣለዓዒሉ ምንባሩ ዝዝከር’ዩ፡፡

## ኣብ የመን ሓድሽ ግጭት ሓድሕድ ተወሊዑ



ኣብ ርእሰ ከተማ የመን - ሰንዓ ብርቱዕ ግጭት ከምዝተወልዐ መርበብ ሓበሬታ ሩሲያ ቱደይ ገሊጹ፡፡ እቲ ብሰንቡት ዝተኸስተ ግጭት ኣብ መንጎ ወተሃደራት መንግስትን ዕጡቓት ሓውትን’ዩ ተወሊዑ፡፡

ዕጡቓት ሓውቲ ኣብ ሰንዓ ንዝመደበሩ መንግስታዊት ተለቪዥን’ታ ሃገር ከምዝተቖጻጸሩን ኣብ ከባቢታት ህንጻ ፕረዚደንት’ታ ሃገር’ውን ደብዳብ ሞርታራት ከምዝተኻየደን እቲ ምንጪ ሓበሬታ ገሊጹ፡፡

እቲ ኩናት ካብ ዝሓለፈ መስከረም ጀሚሩ ካብ ዝተኻየደ ግጭታት ዛጊት እቲ ዝሓየለ ከምዝኾነ ጎደናታት’ታ ርእሰ ከተማ ጸምዩ ከምዝሎን ምንጭታት ሰንዓ ኣረዲኦም፡፡

ሚኒስተር ዜና የመን ናስር መሰጦፋ ንተለቪዥን ኣል-ዓረብያ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዕጡቓት ሓውቲ ኑቲ “ሳባ” ተባሂሉ ዝጽዋዕ መደበር መንግስታዊ ማዕከን ዜና’ታ ሃገር ከምዝተቖጻጸሩዎ ብምግላጽ፡ ኑቲ ኩነታት “ናብ ዕልዋ ግዱ ዘምርሕ’ዩ ዝመስል” ብምባል ገሊጽዎ፡፡

እቲ ግጭት ገና ከምዝቕጽለን ብፍላይ ኣብ ጥቓ ፕረዚደንታዊ ግምቢን መንበሪ ኣዛዚ ሃገራዊ ጸጥታን ብዘለዓለ ተጻዊሩ ምህላውን እቲ ሓበሬታ ኣፍሊጡ፡፡

በቲ ንሓያሎ ሰዓታት ዝቐጸለ ግጭት፡ ኣብ ደቡባዊ ሰንዓ ዝርከብ ቀጽሪ ዲፕሎማስኛታት ተኸርዲኑ ከምዝወዓለ’የም ምንጭታት’ታ ከተማ ዝሕብሩ፡፡

ኑቲ ግጭት ንምህዳእ ምስ ፕረዚደንት’ታ ሃገርን መራሒ ሓውቲን ንምዝርራብ ዝወጸ ቀዳማይ ሚኒስተር የመን ኻሊድ ባሕ ካብ ዕጡቓት ሓውቲ ጠያይት ከምዝተተኮሰሉ፡ እንተኾነ ዝወረዶ ጉድኣት ከምዘየለ እቲ ሓበሬታ ኣመልኪቱ፡፡

ኣብዚ እዋን’ዚ ኣብታ ከተማ ተኹሲ ናይ ምቁራጽ ስምምዕ ተኸቲሙ ከምዝሎን እንተኾነ ኣብ ጎደናታት ሰንዓ ወጥሪ ከምዝረኣን ሩሲያ ቱደይ ብተወሳኺ ገሊጹ፡፡

ዝሓለፈ መስከረም ዕጡቓት ሓውቲ ምስ መንግስቲ’ታ ሃገር ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ከቲሞም ምንብርም ይፍለጥ፡፡ ኮይኑ ግን እቲ ስምምዕ እናሻዕ ክጥሓስ’ዩ ተራእዩ፡፡

ብኣራን ከምዝድገፉ ዝንገረሎም ዕጡቓት ሓውቲ ቅድሚ ሽዱሽተ ወርሒ ንከተማ ሰንዓን ሰፊሕ ከባቢታት’ታ ሃገርን ከምዝተቖጻጸሩዎ ኣይርሳዕን፡፡

ኣብ የመን ሓያሎ ቀቢላውያን ጉጅለታት ከምዝንቀሳቐሳን ብቐጻሊ ኣብ ሓድሕዳዊ ግጭት ተጸሚደን ከምዝለዋን ይግለጽ፡፡ ብተወሳኺ ምስ ኣልቃዒዳ ርክብ ከምዘለዎ ዝንገረሉ ጉጅለ’ውን ኣብታ ሃገር ከምዝንቀሳቐስ’ዩ ዝግለጽ፡፡ ኣብ ርእሲ’ዚ፡ ንደቡባዊ’ታ ሃገር ካብ ዝተረፈ ክፋል ንምፍላይ ዝዋጋኡ ዕጡቓት ልዕሊ ዝኾነ እዋን እናሓየሉ ይመጹ ከምዝለዉ ምንጭታት ዜና የመልክቱ፡፡

## ሕዝቡላህ ንእስራኤል የጠንቅቕ

ኣብ ሊባኖስ ዝንቀሳቐስ ጉጅለ ሕዝቡላህ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ተሪር ግብረ-መልሲ ከምዝወስድ ኣጠንቂቑ፡፡ እቲ ጉጅለ ኑቲ መጠንቀቕታ ዘውጸኡ ሽዱሽተ ኣባላቱ ብእስራኤል ድሕሪ ምቕንጻሎም’ዩ፡፡

ጉጅለ ሕዝቡላህ፡ ድሕሪ’ቲ ብእስራኤል ዝተወሰደ ስጉምቲ፡ “ሃንደበታውን ኣቓንዛውን ግብረ-መልሲ ክንህበሉ ኢና” ብምባል ቁጠዐኡ ኣሰሚዑ፡፡ ብዘይካ’ዚ እስራኤል ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ሶርያ ኣብ ልዕሊ እትርከብ ከተማ ቁኒጥራ ደብዳብ ነፈርቲ ከምዝተኻየደት ሶርያ ገሊጻ፡፡

ሚኒስተር ዜና ሶርያ፡ “እስራኤል ኣብ ልኡላዊ መሬትና ደብዳብ ብምፍጻም ዓቢ ጌጋ ፈጺማ” ብምባል ሃገሩ ኣብ ዝመረጸቶ እዋን ግብረ-መልሲ ከምእትወስድ ኣጠንቂቑ፡፡

ንሱ፡ እስራኤል ኑቲ ደብዳብ ዘካየደትሉ ምኽንያት ኣንጻር መንግስቲ ሶርያ



ንዝዋጋእ “ኣልኑስራ” ዝተባህለ ጉጅለ ደገፍ ንምሃብ ምዃኑ’ዩ ኣረዲኡ፡፡ “በዚ ድማ እስራኤል ንግብረ-ሽበራውያን ጉጅለታት ትድግፍ ምህላዋ ከረጋግጽ ይኽእል” ብምባል ኮኒኑ፡፡

ኣብ ሶርያን ዒራቕን ዝንቀሳቐስ ግንባር ኣልኑስራ ሓደ ክፋል ናይ ዕጡቓት ዳዕሽ ኮይኑ፡ ንመንግስታት ሶርያን ዒራቕን ብምዕላው ብሃይማኖታዊ ሕጊ እትመሓደር ሃገር ናይ ምምስራት ዕላማ ከምዘለዎ’ዩ ዝገልጽ፡፡

ኣብ 2011 ዝተማስረቱ ዕጡቓት ዳዕሽ ኣንጻር መንግስቲ ሶርያ ኣብ ዘካይድዎ ዘለዉ ኩናት ብምዕራባውያን ሃገራት ልዑል ደገፍ ይግበረሎም ምንባሩ’ዩ ዝጥቀስ፡፡ ሰራዊት ሶርያ ኣንጻር’ቶም ዕጡቓት ኣብ ዘካየዶ ውግእ፡ ሰርሓት እስራኤል ዝኾነ ሓያሎ ኣጽዋር ከምዝተማረኸ ይገልጽ፡፡

## ዜና ብሓጺሩ

ዩክሬን

ኣብ ምብራቓዊ ዩክሬን ዳግማይ ግጭት ተወሊዑ፡፡ በበሲ ከምዝሓበሮ፡ ኣብ ከባቢታት’ታ ከተማ ኣብ መንጎ ሰራዊት ዩክሬንን ዕጡቕት ተቓወምትን ጽዑቕ ምልውዋጥ ተኹሲ ተኻይዱ፡፡

ዕጡቓት ተቓወምቲ ዩክሬን እቲ ግጭት ወተሃደራት መንግስቲ ድሕሪ ዝኸፈትዎ መጥቃዕቲ ከምዝተወለዐ ገሊጾም፡፡ ኣብታ ከተማ ዝርከብ መዓርፎ ነፈርቲ ብወተሃደራት መንግስቲ ብዝተተኮሰ ሞርታራት ከምዝተደብደበን ከቢድ ጉድኣት ከምዝወረዶን እቶም ዕጡቓት ይኸሱ፡፡

ኣቐዲሙ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ዝተኸተመ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ብተደጋጋሚ እዋን ክጡሓስ ምጽንሑ ጸብጻባት የመልክቱ፡፡ ሩሲያ እቲ ስምምዕ ብመንግስቲ ዩክሬን ከምዝጠሓሰ ክትከስስ እንከላ፡ ዩክሬን ብወገና እቲ ግጭት ብሩሲያ ከምዝኾሃር ወቒሳ፡፡

ኤውሮጳዊ ሕብረት

ሃገራት ኤውሮጳን ዓረብን ኣብ ምግታእ ግብረ-ሽበራ ዝዓለየ ኪዳን ክምስርታ ሓላፊት ፖለሲ ወጻኢ ናይቲ ሕብረት ፈደሪካ ሞገሪኒ ጸዊዓ፡፡ ኣብ ብራሰለስ - በልጂም ኣብ ዝካየድ ዘሎ ኣኼባ ሚኒስተራት ሃገራት ኤውሮጳ፡ ዝዓለየ ብድሆ ናይቲ ዞባ ኮይኑ ዘሎ ግብረ-ሽበራ ንምግታእ፡ ሃገራት ኤውሮጳ ምስ ሃገራት ዓረብ ክሰርሓ ከምዝኾነአ ሰብ መዚ ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣገዚቦም፡፡

ኣብቲ ኣኼባ ዋና ጸሓፊ ማሕበር ሃገራት ዓረብ ነቢል ኣል ዓረቢ ይሳተፍ ከምዘሎ ተፈሊጡ፡፡ ኤውሮጳዊ ሕብረት ምግታእ ግብረ-ሽበራ ዝዓበየ ኣጀንዳኡ ጌሩ ዝኣከበ ዘሎ ድሕሪ’ቲ ኣብ ፈረንሳ ህይወት 17 ሰባት ዝቐዘፈ መጥቃዕቲ ምኺያዱ እዩ፡፡

ድሕሪ’ቲ ኣብ ፓሪስ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ሓያሎ ሃገራት ኤውሮጳ ኣንጻር ኣመንቲ ምስልምናን ስደተኛታትን ዝቐንዐ ኸጻዊ ተግባራት ይካየድ ምህላዉ ምንጭታት ዜና ይሕብሩ፡፡

ኣርጀንቲና

ኣቐዲሙ ንዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ኣይሁድ ከጻሪ ዝጸንሐ ፈደራላዊ ኣኽባሪ ሕጊ ኣርጀንቲና ብዘይተፈልጠ ሰባት ተቐቲሉ፡፡ እቲ ኣልበርቶ ኒሶማን ዝተባህለ በዓል-ስልጣን ኑቲ ቅድሚ 20 ዓመት ኣብ ቦነስ-ኣይረስ ህይወት 85 ሰባት ዝቐዘፈ መጥቃዕቲ እናጻረዩ እንከሎ’ዩ ተቐንጺሉ፡፡

እቲ ፈደራላዊ ኣኽባሪ ሕጊ፡ ኑቲ ብ1994 ኣብ ልዕሊ ማእከል ኣይሁድ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ኣብ ዘጻርየሉ ዘሎ እዋን’ዩ ኣብ መንበሪ ገዝኡ ተቐቲሉ ጸኒሑ፡፡ ንሱ ኣቐዲሙ ንፕረዚደንት ኣርጀንቲና ፈርናንደስ ክርሽነር ዝወቕሰ ክሲ ከምዘዘርገሐ’ዩ ዝግለጽ፡፡

እታ ፕረዚደንት ኑቲ ኣብቲ መጥቃዕቲ ኢድ ናይ ኢራን ከምዘሎ ዝእምት መረጋገጺ ክትሽፍፍኖ ትጽዕር ከምዝነበረ’ዩ እቲ ኣኽባሪ ሕጊ ከሲሱ፡፡ ይኹን’ምበር ኣፈኛ ፕረዚደንት ኣርጀንቲና ኑቲ ክሲ “መሰሓቕ’ዩ” ብምባል’ዩ ዘጸንኖ፡፡